
# መድረኽ

ሕታም 26


**Editor Tesfadet Bahlibi 12/7/2016**

## ቆላሕታ መድረኽ ኣብ ሽፍትነት

*ሓንቲ ብተይ ህጻን፡ ሕድሪ ሓርበኛ ዓዋተ ዝተ መሓላለፉ፡ ምስ ሓደ ብተይ ሓዋ ኮይናም፡ ክሰራሰሩ እንከለዉ ንመልከት። ደስ ይበሎ ዓዋተ። ➡Awate ነዚ ዝጠበበ፡ ሓርበኛ ዮናስ (ማይናስ) ድማ፡ ምስጋናይ ደረት የብሉን።*



*መን እዩ ሽፍታ?*
*እዛ ህጻን እዚኣስ ጓል ሽፋቱ?*
*እዛ ህጻን እዚኣስ ጓል እስኩንስ?*
*እዛ ህጻን እዚኣስ ጓል ወይጦታት?*
*እዛ ህጻን እዚኣስ ጓል ዓዋሉ?*
*ኣደ ወሊዳ ትምከን - እንታይ ትብል ከም ዘላን፡ ካብ መልሓሳ ዝውሕዝ ዘሎ ረመጽ ሓቂ፡ መታን ክሸወጠና፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መላገቢ/link/ ጠውቕና ንገንዘብ። ከማይ እንተ ኬንኩም ንመሓንሰሲ ዝኸውን መንዲል ሓዙ።*
*ነዚ ሰብ'ዚን ብጾቱንሲ ሽፋቱ? ንበዓል ተስፋሊደት ➡*



## ትርቢዒታት መትከል

# ቅድሚ ኩሉ ሃገር ትሃሉ፤

| ሃገር ክትህሉ፤ | ህዝቢ ይሃሉ፤ |
|---|---|

## ህዝቢ ክህሉ ፍትሒ ይሃሉ

| ፍትሒ ክህሉ፤ | ሓድነት ይሃሉ፤ |
|---|---|

## ሓድነት ክህሉ ስምረት ይሃሉ

| ስምረት ክህሉ፤ | ሽፋቱ ፓልቶኳትን፤ ቅርሰና ዌብሳይታትን፤ ሃለልቲ ውድባትን ይተኣረሙ። |
|---|---|

### እዚ ኣቶም እንተ ተኣሪምም

| ንኽጽገኑ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ይኸውን ። | እዚ ኣቶም ምስ ዝጽገኑ ከኣ፤ ቢንጎ- እቲ መንግስቲ ክጽገን ይከኣል። |
|---|---|

*ካብዚ ዝሓልፉ ወይ ዝተርፉ እንተ ደኣ ኮይኖም ግን፡ ተቓባልነቶም ከኣ ባይታ ዘበጥ፡ ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ ውዒሎም ሓዲሮም ድማ፡ ኣብ ኣካላዊ ባይታ ኤርትራ ዝነጥፉ ኣኽረርቲ፡ ከፍርዩ ከም ዝኽእሉ፡ ዕድል ስለ ዘሎ፡ ወይልኺ ኤርትራ። ብሻላማላ ዝርኤ ነገር ኣይ ኮነን። ድሮ እውን ከም ተጀመረ፡ ጭምጭምታ ይስማዕ ኣሎ እዩ። ባርካ ትመስክር።*

# ***<u>ሽፍትነት</u>***

*እዛ ዓንቀጽ እዚኣ፡ ከምቲ ብቐዳማይ ዝሓበርኩዎ፡ ሓንቲ ካብተን ንናይ ባዕለይ መዘከር፡ ክትኾነኒ ኢለ ጥራይ፡ ዝወጠንክዎ እያ ነይራ። ዳርጋ ጨርቀይ ክድርቢ / throw in my towel / ይቀራረብ ከም ዝነበርኩ ዘቕለቡለይ ግዱ ኮይኖም፡ ካብ ሓደ ክልተ ነበብተይ ዝተ መገብኩዎ ሓበሬታ ከም ዝእምቶ፡ ብቐጻሊ ንኽጽሕፍ ይጽበዩኒ ከም ዘለዉ እዩ። ሓልዮታዊ ብምንባሩ ስለ ዝተሰቆረኒ እየ ድማ፡ ነዛ ሽፍትነት እትብል ቴማ፡ ክተኹትኹ ዝደፍር ዘሎኹ።*

*ኣተክሮ ናይ እዛ ዓንቀጽ እዚኣ እምበኣርከስ፡ ኣብነታት እና ፋሕተረት ብምውጻእ፡ በቶም ብጉልባብ ናይ ምቅዋም እና ተሸፈኑ፡ ንሻዕብያ ወይ ንህግደፍ ዘራኽኽቡሎም ዘለዉ ኣምሲሎም፡ ኣብ ልዕሊ ክብርታት ሃገርናን ህዝብናን፡ ወሰነ ኣልቦ ዝኾነ ግህሰታት፡ ከመሓላልፉዎ ንዘጸንሑ ጎስጓስ፡ ንባዕሎም - ኣብ ግብረ ሽፍትነት ገጾም ከይ ምርሹ መታን፡ ብጫ መብራህቲ ንምውላዕ እዩ። እንተ ደኣ፡ ቆርበቶም ዘስሕዮም ኮይኑ፤ ወይ ከኣ፡ ካብ ጫፍ ኣፍንጭኦም ንዘለው ነገራት ሓሊፎም፡ ክርእዩ ዝኽሉ እንተ ደኣ ኾይኖም፡ ክእረምሉሉ ዘኽእሎም ማዕጾ ኩፍት ኣሎ፡፡*

*ሓደ ካብቶም ከገብርዎ ዘለዎም ዕድላት ከኣ፡ ካብቶም ንገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን፡ ንኣቦ ገድሊ ዝኾነ፡ ጅግና ሓርበኛ ሰውእ ዓዋተ፡ ንባዕሎም ሽፋቱ ክነሶም፡ ብገበን ሽፍትነት ምስ ዝኽሰሱ ወገናት፡ ካብ ኣቶም ነብሶም ከግልሉ ይግባእ።*

***<u>ንሱ ከኣ፡ ኤርትራ ሓንቲ ዝባንዴራኣን፡ ኣባል ማሕበረሰብ ዓለም ከም ምኳናን ምእማን። እምብለይ በሃልቲ እንተ ኾይኖም ግን፡ ኢታ ሽፍትነት እትበሃል ገበን፡ ናብ መን ድያ ክትዓልብ? እሔው!</u>***

*ሽፍትነት ክበሃል እንከሎ፡ ብፍኹስ ዝበለ ኣበሃህላ፡ ቀይዲ በተኽ ተግባራት ከም ማለት ይኸውን። እቲ ከውርዶ ዝኽእል በደላት ድማ፡ ካብቲ ዝነኣሰ ክሳብ እቲ ዝዓበየ ዝበጽሕ፡ ናይ ገበን ተግባራት የማልእ። በዚ ኣምር እዚ፡ ንተቓውሞ ኤርትራ እንተ ተፈቲሹ፡ ቀይዲ በተኽ ካብ ምኳን ኣይ ድሕንን።*

*ሓመዳ ዝለሓሰ፤ ማያ ዝሰተየ፤ ኣየራ ዘስተንፈሰ፤ ቋሩፋ ዝበልዔ፤ ሃሩራን ቁራን ዝተጻልወ፤ ጣዕምታት ክራማታን ቀውዕታታን ሓጋያታን ዘስተማቐረ ሃገራዊ፤ ካብ ዝነቐለ ይንቀል ብዘየገድስ፡ ንምብራቕ . . ንምዕራብ . . ንሰሜን . . ንደቡብ ኣቢሉ ዝረገጸ፡ ወደባት ወይ ዓለባት፡ ንሶውራና ብሽፍትነት ዝገልጾዎ፡ ክውሕጥዎ ዘይ ክእሉ ኩላሶ ስለ ዝኾነ፡ ሓናቒኦም እዩ። ሕኑቓት።*

*ብውሑዱ፡ ኤርትራ ምድሪ ናይ ታሪኻውያን ጀጋኑ፡ ከም ምኳና ንዘይ ፈልጡ ሕሱራት፡ ባዕሎም ንባዕሎም፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ቃጽዖ ስለ ዘይ ብሎም፡ ብድሕሪ ጀለብያ ተሓቢኦም፡ ዕላማ ከሃርም ዘይ ክእል፡ ኮኳዓዳ ኢንተርነት እና ተጠቕሙ፡ ተሮግሮግ፡ ስለ ዘብሉ ዘለዉ፡ ድቃስ ዝኣበየን ኣእዛን፡ ዝኪታተላኦም ከም ዘለዋ ርጉጽ እዩ። ነቶም ድሮ ዕላማ-በተኽ ዝኾኑ፡ እም ከኣ ብስም ተቓውሞ ክብለጹ ንዝጸንሑ፡ እኩባትን ዘይ እኩባትን ጎስጎስቲ ዘርጊ ግን፡ ከም ተወሳኺ ሓይሎም እዩ። ዋይ ኣነ ሽእ!*

*ንገድሊ ኤርትራስ ሽፍትነት? መን ምስ በሎ? ምላቕ ዘረባ እንተ ዝኸውን ነይሩ፡ ዕሸሽ ወይ ድማ ከም ሻሙ ኢለ ምሓለፍክዎ ነይረ። ዝግ ኢለ ክኪታተሎ ከም ዝወራሕኩ ግን፡ ምላቕ ዘረባ ዘይ ኮነስ፡ ብስሩዕ ዝኾነ መደብ፡ ንምዝራግ ሓድነትና፡ ዝቐጽል ዘሎ ወፍሪ፡ ከም ኮይኑ ኣስተብሂለሉ። ወዮ ደኣ ማየይ ዝሰተኹ ለማጽ ዳንጋ፡ ኮይነ ተሪፉ ስለ ዘሎኹ ደኣ እንበር፡ ምስ ህጣራ ጨጓር ዳንጋይ፡ እንተ ዝህሉስ፡ ምተ ሓናነቕኩሉ ነይረ። ንመን ሽፍታ? ክሽፍት ደሞ - ዝሓይሽ* ኢንተ ደኣ ኾይኑስ?

*ዋይ ኣነ ሽእ! ሎሚ ኮነ ሓምለ ሰነ ደኣ እምበር፡ ወረበላ/ሽፍታ ንዝበሉና፡ ንትሕቲ ምድሪ ኣየ ስፈርናዮም እንዲና? እዞም ሕጂ ተሰገግቲ ኣብ ጉዳይ ሃገር መሲሎም፡ ዘታልሉ ናይ በብዓይነቱ ሕብርታት፡ ነቲ ዝሓለፍናዮ ገድሊ፡ ሽፍነት እዩ ነይሩ ዝብሉ ዘለው፡ ንሳቶምከ ቀይዲ በተኽዶ ኣይ ኮኑን'ድዮም?*

*ብኸመይ ይምርሑ፤ ብኸመይ ይጥርነፉ፤ ብኸመይ ይቕየዱ፤ ንጹር ሕመረት ዕላማን፡ ኣተ ጋባብርኡን ከመይ ከመይ ከም ምኳኑ፡ ከረድእሉ ዝኽእሉ ትሕዝቶ ዘይ ብሎም ክነሶም፡ ኣብ ጉዳይ ሃገር፡ ጠብሎቕሎቕ ምስ ዝብሉ፡ ከም ኣብረስቲ* ***<u>ነቐዝ</u>*** *ካብ ምኳኖም ሓሊፎም፡ ብምታይ ክንፈልዮም ንኽእል? መንዩ ሽፍታ? ንሶም ዶስ ዓዋተ?*

*እዚኣቶም፡ ካብ ልዕሊ ቁመቶም ክመጣጠሩ ዝደልዩ፣ ካብ ልዕሊ ዓቕሞም ክልዕሉ ዝደልዩ፣ ዝምቡላት ክነሶም ድማ፣ ናይ ወያነ ሓንጎል ተለቒሖም፡ ካብ ልዕሊ ሓንጎሎም ፈላጣት ክመስሉ ዝደልዩ፡ ከተርቲ ሽፋቱ ናይ ሳይበር ከም ምኳኖም ብሩህዶ ኣይ ኮነንዩ? መንዩ ሽፍታ? ክንደይ ሽራሙጥ ንፈልጥ እሞ፡ ኣይ ከም ናይ ኤርትራ ሽራሙጥ ሳይበራዊ ፖለቲካ።*

*ገድሊ ደኣ ከመይ ድዩ ነይሩ? ውዱብ፣ ጡርኑፍ፣ ምእዙዝ፣ ፈቃር፣ ንዓይ ዘይ ብል፣ ንምእንቲ ውጹዕ ህዝቢ ሂወቱ ኣሕሊፉ ዝህብ፣ ሓቛፊ፣ ሓብሓቢ፣ መሃሪ፡ መውጽእ ሓራ ... ወዘተ፡፡*

*ንገድሊ ሽፍታ እዩ፡ ዝብሉ ንሳቶም እቶም ሽፋቱ ንባዕሎም እዮም። መንገዲ ዝጠፍኦም ጣፊእ።* ***<u>ምነዋለ ናይ ህዝባዊ ሓርነት ትግራይ ብምዃን፡ ተኖኮ ክፍኣት፡ ኣብ ፈቖዶ ወብሳይታት፣ ፓልቶክ፣ ፈይስቡክ ክልምጹ ንርእን ንሰምዕን ኣሎና። ለመጽቲ ሚነዋለ። ብሽፋቱ ለመጽቲ ሚነዋለ ወያነ፡ ጸገምና ክፍታሕ ኣይ ከኣልን እዩ።</u>***

*ጸገም ኣሎና። ፍትሓት ግን፡ ኣብ ሃገራውነት ዝሕመረቱ፡ ጥንቁቑን ሓላይን ብዝኾነ ተበግሶ ናይ ተቓውሞ ክመጽእ ይከኣል። እንተ ዘይ ኮነ፡ እዚ ኣሎኹ ዝብል ዘሎ ተቓውሞ፡ ከይ ተፈለጠ ኣብ ሽፍትነት ተቐይሩ ከይ ህሉ፡ ነብሱ ይሕከኽ። መንዩ ሽፍታ ካብ እዚኣቶም?*




*ዶስ ወይ*



*ዓዋተ ቀርነልዮስ፣ ፎሮ፣ ኣሚቻ፣ ዮሰፍ፣ ወዲ ባካሮ፣ ዓሊ ሳሊም?*

*ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተሰጋገረ፡ ሽዑ ንሽዑ ብንግስነት ሃይለስላሰ፡* ***"ወረበላ"*** *ብዝብል ገበን ንኺድምሰስ ተፈሪዱ። ንሃይለስላሰ ስዒሩ ዝነገሰ ስርዓት ደርጊ ድማ፣፡ ብሽምኡ ርዒሙዎ። ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ፡ ደጋፊ ወይ ድማ ተደናጋጺ ናይቲ ገድሊ ዝነበረ፡ ብገበን ናይ ወረባላነት ተወንጂሉ ዝተሳቐየን ዝበረሰን ህዝቢ፡ ንሕና ኤርትራውያን ብልክዕ ከም እንፈልጦ መጠን፡ ብዝሕነቱን ኣፈሳጽምኡን ኣሰካሕካሒ ዝኾነ፡ ኣረሜናዊ ግፍዒ እዩ ዝነበረ። ኣነ ከም ኣነ ጥራይ ኮይነ፡ ብዛዕባኡ ዝምልከት፡ ኣብ ኣእምሮይ ተወቒጡ፡ ዝነበር ዘሎ ዝኽርታት ገሃነባዊ እዩ።*

***<u>ብናይ ውልቀይ ስምዒታት፡ ተሞርኲሰ ጥራይ ዘይ ኮንኩስ፡ ስሩዕ ወይ ጥንቁቕ ብዝኾነ ኣገባብ ወይ መስርሕ ናይ መጽናዕቲ ተሞርኲሰ፡ ብጽርየት ክግምግም እንክሎኹ ግን፡ /ኣይ ተሓዙሰይ እናበልኩ/ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ከም "ወረበላ" ኮይኑ እዩ ተበሳቢሱ።</u>***

*<u>ብፍላይ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንመራሕቲ ህዝቢ ትግራይን ሰዓብቶም ህዝብን፡ ድቑስድቑስ ኣቢልካ ክምብርከኽ ምግባሩ ዝብል እምነት ኣሎ። ተውሳኺቶም ኦሮሞ ተውሳኺቶም ኣምሓሩ፣ ተውሳኺቶም ሲዳሞ ተውሳኺቶም ወሎ፣ ተውሳኺቶም ሀራርገ ተውሳኺቶም ካልኦት፡ መን ድዩ ልዕላውነትና ደፊሩ እና ኣባሳበሰ፡ ኣብ ባድመ ተጠሊዑ ዘንገርግር ዘሎ፡</u>* ***<u>ብዘይካ ትግራይ ዓዲ ጀጋኑ? ሕደጊባ ትግራይ?</u>***

*ንምዝኽኻር ዝኸውን ንእሽቱሰይ ጥራይ ምስ ንጥውቕ፡ በቶም ኣካላት ናይ ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ዜጋታት፡ ንስለ ከብዶም እንክብሉ ድዮም፡ ወይስ ንስለ ዕላማ ብዘየገድስ፡ ኣዒንትን ኣእዛንን ናይ ስርዓታት ኢትዮጵያ ብምዃን፡ ነዚ ብወረበላ ዝተወንጀለ ህይዝቢ ኤርትራ፡ ክጸንት መታን፡ ዝተጻወትዎ ተራ ብዙሑን ከቢድን እዩ።*

*ንሳቶም፡ ንፍጥረተ ሰብና ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ንፍጥረተ ከብትናን እንስሳ ዘገዳምን፡ ከይ ተረፈ ዘጽንት መራዚ ስሚ፡ ኣብ ዒላታት ጹሩይ ማይን፡ ፈልፈልቲ ሩባታትን፡ ክምርዙ እንክለዉ ዝተታሕዙ፡ ሰብ ገበን ከም ዝነበሩ፡ ዝምስክርዎ ሰባት ብሂወቶ ከም ዘለዉ ይፍለጥ።*

*ብሂወቶም እንተ ደኣ ኣለው ኮይኖም ድማኒ፡ ኣዛዚ ናይ ሓደ "ደረቅ ጣብያ ፖሊስ" ዝነበሩ፡ ሻምበል ባሻ እገለ፡ ዝምስክሮዎ ተርኺቦ ኣሎ፡ዩ።* ***<u>ንሶም፡ በዞም መረዝቲ ጽሩይ ማይ ዝነበሩ ተጠቒሞም: ንዘይ ወዓልዎ ገበን፡ ከም ተሓባባሪ ናታቶም ገይሮም ዝጠቀንዎም እዮም። ብመደብ ዝተሰንዔ ጠቕነ ነበረ።</u>***

እዞም ሰመምቲ፡ እንተ ደኣ ኣብ ውዕሎ ምስማም እንከለዉ ተረኪሶም ድማኒ፡ ምዝንባሎም ንዘይ ተርፎም፡ ንኸመይ ዝኣመሰሉ ንጹሃት ኤርትራውያን፡ ለኪሞም ክዘናበሉ ከም ዘለዎም መምሪሒኦም ነበረ። ሕጂ እንተ ኮነ እውን፡ "ወዲ ድሙ ከም እሙ" ከም ዝኾነ መጠን፡ እዞም መውጻእቲ ሓራ ናይ ትግራይ፡ "ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ትግራይ" ዝበሃሉ ገዛእቲ ምድሪ ኣብስንያ፡ ነዚ ዝተባህለ መስመር ከም ዝኽተሉ ምዃኖም፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘግባዕብዑዎ ዘለዉ መልእኽቲ መስካሪ እዩ። ሕደጊ'ባ ትግራይ? ዘይ ንከባበር ግዳ?

እታ ናትና ንጽህቲ ህዋስ፡ "ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ" ከም ምዃና እንፈልጣ፡ ምስ ህዋስ ልቢ ትግራይ ምስ ነዛምዳ፡ ጻዕዳን ጸላምን ኮይነን ንረኽበን። ዓዲ ጀጋኑ ከም ምዃና እና ተፈለጦም፡ ትሪ ልቦም ግን፡ "ሓደ ህዝቢ ሓደ ጠዋይ ልቢ" ከም ምዃኑ ዝጥርጠሩ ከም ምዃኖም እና ሰምዑ፡ ወይከ ሰጋእ!

እቶም ቀደም ዝሓለፉ፡ ናይ እኒ እኒ ወሎዶታትና፡ ካብ ኣስመራ ንኸረን ዘሎ ጽርግያ፡ ንዓዲ ተከሌዛን ምስ ሓለፈ ዘሎ ጥውጥዋይ፡ ልቢ ትግራይ ቢሎም ዝሰመይዎ፡ እንታይ ስለ ዘጋጠሞም ኮን ይኸውን? እቲ ቦታ ከኣ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ልቢ ትግራይ ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣነ፡ ነቲ እቶም ቀዳሞት ወለዶታት ዝበልዎ፡ ብናይ ሎሚ ስዋስው ገይረ ደኣ'ይ ዝብሎ ዘሎኹ እምበር፡ ወናኒኡ ኣይ ኮንኩን።

ኣብዛ ዝሓለፈት ክፍላ ወርሒ ሕዳር ኣቢሉ እኸውን፡ ሓደ ዑሉል ዝኾነ መሓዛ ወያነ ኤርትራዊ ተቓዋሚ፡ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ምስ ኣድንቖትይ ተቐቢለዮ። ቃል ብቓሉ እኳ እንተ ዘይ ሸምደድክዎ፡ ትሕዝትኡ ግን ኣይ ስሕቶን። ብዛዕባ ምስ ሸሞኛታት ኢትዮጵያ ዘካየዶ ርክባቱ ኣመልኪቱ እዩ ኣድንቒቱ ዘካፍል።


እታ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ይብል እዚ ተቓዋማይ፤ ምስ ሸሞኛታት ኢትዮጵያ ኣብ ዝራኸበሉ ኣጋጣሚ፡ ክኸሕዳ ዘይ ክእል ሓንቲ ነገር ኣላ። ንሳቶም ይብግል - ኣዝዮም ሁዱኣትን ዝርዱኡን ሰባት እዮም። ዝበልካ እንተ በልካ ከይ ተረበሹ፡ ነቐፌታ ክቕበሉ ዕጽዋት ስለ ዘይ ኮኑ የድንቖም። ዋይ ኣነ ሓወይ! ኣዘንጊዖም ወሲዶምለይ እምበር!

እተን ክልተ ልብታት - እታ ሓንቲ ጻዕዳ፤ እታ ሓንቲ ከኣ ጸላም፡ ከመይ ከመይ ከም ዝሰርሓ ዘረድእ፡ ናይዚ ጻዕዳ ዝልቡ ተቓዋማይ፡ ክሳብ ክንደይ በዛ ጸላም ልቢ ወያነ ከም ተመሰጠ እዩ ሓቢሩ። ሓሻኽ! ንሳቶም እኳ፡ መዓስ ኣልዕል ኣቢሎም ኮይኖም ሃሱሳት ዝበሉና። እዚዶ ደይ ከምዚ?

እዚ ተቓዋማይ እዚ፡ ከም ዘፍቅረና ዘሎ እና መሰለ፡ እንተ ኾነ ግን፡ "ዓይኑ ምሳይ ልቡ ምስ ደበሳይ" ከም ዝተባህለ መጠን፡ ክንተዓረቕ ይግበኣና እዩ ይብል እሞ፡ ልቡ ግን ብወያነ ስለ ዝተሰልበት፡ ኣብ ወያነ ዘላተ በዓቲ እናኸደ፡ ኣብ ዑጽው ስታንሳ እንታይ እዩ ዝብሎም ደኣ ኢና ዘይ ንፈልጥ እምበር፡ ምስ ኣቶም ክተሓጓጎስ ክንርእዮ ጸኒሕና እና። እዝግሄር ዋንኡ!

እዚ ተቓዋማይ፡ ክሳብ ክንድዚ ዝግራህሲ - ልቢ ትግራይ ትኸ እንተበለት ክንዲ ማዕጺድ፡ ዝበሃል ምስላ ሰሚዑ ኣይ ፈልጥን እንድዩ?

የለኹሉን ወይ ከኣ disclaimer እና ኣንጸፍኩ፡ እታ ጻዕዳ ልቢ እትብል እውን ኣነ ኣይ ውንናን እየ። ኣቶ ኣተወብርሃን ሰጊድ ክዝምረላ እንከሎ ዝሰማዕክዋ እያ። እታ ምስላ ናይ ማዕጺድ እውን፡ ዝሰማዕኩዋ ደኣ እምበር፡ ኣይ ውንናን እየ።



ነዚ ዓርኪ መሓዛ ወያነ ዝኾነ፡ ተቓዋሚ ኤርትራዊ፡ መልእኽቱ ምስ ተገንዘብኩ፡ ነብሰይ ኣጽሊኡኒ። ኣነ እውን፡ መኣስ ካብኡ ዝሓይሽ ኮይነ፡ ብዘይካ ኣብ እምነታት። እንተ በዚ እንተ በቲ፡ ደይ ሓንቲ ጻዕዳ ልቢ እያ ዘላትና። እቲ ፍልልይ ግን ኣብ እምነታትና እዩ። እምነታት ክብል እንከሎኹ፡ ኣብ ሃይማኖታት ማለተይ ኣይኮንኩን። ናይ ገሊኡ ጻዕዳ ልቢ እምነት፡ በዛ ከምዛ ናይ ወያነ ዝኮነት ጸላም ልቢ ዝበልናያ፡ ብቐሊሉ መዓንጣኣ ዝሕው፤ ልባ ድማ ምልሕ ትብል። ኣቦታት ዘማታት ሃገር፡ ኣቶ ኣተወብርሃን ሰጊድን ዑስማን ዓብደልረሒምን፡ ነዝን ዝከምዝን ምስ ተገንዘቡ ከይ ኮይኑ ደኣ፡ ንስለ ልቢ ጉሩሃት ዝኸውን መጠንቀቕታ እንክብሉ፡ ታሪኻዊ ዝኾነ ዘማታቶም ዝደከሩዎ። ኣሸኣኒኹም፡ ከም እንደገንና ሰሚዕኩም፡ እንታይ እብል ከም ዘሎኹ፡ ኣዛሚድኩም ከተ ስተማቕርዎ።

ኣይፋልክን ግርህነተይ ብዑስማን ዓብደልሪሒም - AyfalknGherhinety
ኣስላማይ ክስታናይ ወዲ ቆላ ደጋ ብኣቶ ኣተወብርሃን ሰጊድ - AslamayKstanayWediQoladega

*እዛ ጥውጥዋይ ዝኾነት ልቢ እዚኣ፡ ንመለስ ዜናዊ ሒዛ፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ተጓዒዛ ነስመራ ምስ መጸት፡ እዚ ጻዕዳ ዝልቡ ህዝቢ ኣስመራ፡ ሓቂ መሲልዎ የኣይ፡ ካብ ከስዔኡ ከም ዝወጸ ኣምሲሉ፡ ብኽንደይ ዓጀባ፡ ንምእንቲ ክብረታ እንክብል፡ ብጣቓዒትን ዕልታን ተቐቢሉዋ። ንሳኽ ? ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ኣብ ክንዲ ፈውሲ እትህብ፡ ቁስልኹም ኣይ ትሕከኹ እላቶም። ኢታይ ድዩ እቲ ተንኮላ? ከምዚ . . . ፧*

*እዚ ሃሳስ ህዝቢ እዚ፡ ባንዴራ ኢትዮጵያ እንተ ኣውረደ ነጻ ዝወጸ ይመስሎ ይኸውን። ንሕና ግን፡ ደይ ከምቶም ቀዳሞት ገዛእቲ ኤርትራ፡ ብባንዴራ ጨርቂ ዘይ ኮነስ፡ ብባጤራ ብር ጌርና ኢና ክንገዝእ ማለት እዩ። እዛ ጻዕዳ ልቢ ግን፡ ደንጉዩ እዩ ተረዲኡዋ። ምስ ተረድኣ ከኣ ዝወለደት ትውለድ ኢላ፡ ባጤራ ናቕፋ ሓቲማ። ብኡ ጥራይ ኣይ ሓለፈን።*

*እዛ ጥውጥዋይ፡ ትብሎን ትገብሮም ምስ ጠፍኣ፡ መፍትሒ ክትረኽበሉ ፈቲና። ኲናት ኣብ 1998 ዓም ወሊዓ። ንገርሂ ልባ፡ እቲ ኲናት፡ ከም ናይ ዶብ ኲናት እዩ ዝመስላ። ኣይ ኮነን። እቲ ኲናት ግን፡ ናይ ዶብ ዘይ ኮነስ፡ ናይ ባጤራ ናቕፋን ወደባት ቀይሕ ባሕርን እዩ ነይዩ። ሓሶት - ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑ ግን - ኣብ ባይቶ ዓዲ ወጺኤ፧ ነጻላይ ኣጋሊጸ፡ እወሓስ ኣግብእ፡ ብሰጋር በቕሊ፡ ክበሃለሉ ይኽእል እየ። ሃየ - ዝባን ዳኛ፡ ቅድመይ ከይ ትሓልፍ፧ ድሕረይ ከይትተርፍ ኢሉ ዝዚቱ፡ ውሕስ ትኸል ክብለኒ ዝኽእል ከሳሲ እንተሎ! እንተ ተረትዔ ከኣ፡ ሰጋር በቕሊ ክኽሕስ ጸገም ኣይ ክህልወንን እዩ።*

*ብዛዕባ እዛ ሃሳስ ልቢ እዚኣ፡ ብወለንታይ ውሰን ኣቢለ፡ ካብቶም ዘሕ ለፍኩዎም ኣብነታት፡ ከጥቁም እንተ ደኣ ኮይነ፡ ኣረዳኢ ዝኾነ ተመክሮ ኣይ ሰኣነንን እዩ። ምስ ከቢድ ስክፍታተይ ከካ ፍለኩምዶ?*

*ብዙሓት ምኩራት ብጸትና ሓርበኛታት፡ ካብዚ ናተይ ብዝያዳ፡ ዝሓለፍዎ ሱባኤ እንክለዎም፡ ብስኣን ሕጽረታቶም ግን፡ ክነግሩሉ ዕድል ዝሓጸሮም ከም ዘለዉ ዘጠራጥር ኣይ ኮነን። እዘን፡ ኣዲኤን ትቕጸረን ዌብሳይታት! ከኣ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ምዕቃብ ክብርታትና ኣተኩረን ዕዙዛት ታሪኽ ዝዕቅባ፡ ምስ ኢሳያስ ክታረኻ፡ ጸሓይ ዝዓረበን፡ ከም ኣብ ርእሲ ሓናትሲ ጽግዕ ኮይናና ዘለዋ እየን።*

*ዝኾነ ኮይኑ፡ ብዛዕባ መከራ ሻምበል ባሻ ክውድ ኣልኩም፡፡ ንሶም፡ ንኹሉ ኣብ ምስማም ማይ ዝበሃል ገበን ንዝቐረበሎም ፈተናታት፡ ኣፍልጦ ከም ዘይ ነበሮም፡ ብርጉጽነት ስለ ዝበድህዎ፡ ከም ጲላጦስ፡ ኢደም ሓጺቦም ምስ ነጽሁ ንገዝኦም ብሰላም ተመሊሶም። እንተ ኾነ፡ እቲ ዝነበረ ኣጋጣሚ፡ ኣብ እዋን ጻመ ሮሞዳን ኮይኑ፡ ብጽሙኣምን ጥሙይ ከብዶምን እንክለዉ፡ ንሓያሎይ ሰዓታት፡ ብዘይ ወዓልዎ ጥርጣራ ስለ **ዝተዘርዑ፡** ብጣዕሚ ተቐይሞም።*

*ጉዳም ሓርበኛ ኀይቶኦም ያዕቆብ (ወድ ማይ ደዓሪት - ከም ኣፈኻኽሩኡ ዝብሎ) ፡ ኣብ ምጽራይ ናይ እዚ ጉዳይ እዚ፡ ተራ ዝተጻወተ ብጻይ፡ ከም ዝነበረ ይዝከረኒ። ድሒረ ከም ዝሰማዕክዎ ድማኒ፧ ብጻይ ኀይኦም፡ ካብ ሜዳ ንስደት ምስ ዘበጠ፡ ናብ እምነት ምስልምና፡ ብዕግበቱ ከም ዝቐየረ ዝብል እዩ።*

*ከም ዘይ ሕለፍ የሎን፡ ነዚ ኩሉ ምስ ሓለፍናዮ ድማ፡ "ወረበላ" እትበሃል ዝነበረት ናይ ደገ ቃል፡ ሎሚ ድማ ብቛንቛና ተተርጉማ፡ እቲ ናይ ቀደምን ናይ ሒጂን ክሲ፡ ከይ ተለወጠ ሓደ ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ ብሓድሽ ቅዲ ንምኽሳቡ ግን፡ ብገበን "ሽፍነት" ኣግሂዶም ዝኸሱና ዘለዉ ተዛረብቲ ቛንቛና ዝኾኑ፡ በብዓይነቶም ሰባት ካብ ዝቀላቐሉ እዋን ሓሊፍዎ እዩ።*

*እቲ ንዓይ ዘገርመኒ ነገር እንተሎ ድማ፡ እቲ ኣብ "ስመር ዝበሃል ፖልቶክ" ዝከየድ ዘሎ ናይ ሽፍትነት ወይ ሽርሙጥና ዕዳጋ እዩ። ኣነስ'ኳ፡ ብዘይካ መስከረም ስሕት ስሕት ኢላ፡ ካብ እትስሕቦ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ኣላጊሰዮም ኣይ ፍለጥን።*

*እዚ ናይ ህንድልቕ እስታንሳ እዚ፡ ከም መርካቶ ወይ ሹቕ፡ ናይ ግብረ ሰዶምን ዕጸ ፋርስን ኮይኑ ይስመዓኒ፡፡ እቶም ኣካየድቱ ከኣ፡ ከም እቶም ኀይቶት ነጋዶ ዕጸ ፋርስ /drug lords/ ከም ኮይኖም ይስምዑኒ። ወይልኻ ህዝቢ ኤርትራ?*

*ብኸምዝን ዝኸምዝን ዝመስል ተቓውሞ፡ እንተ ደኣ ቐጺሉ፡ እንተ ጽባሕ እንተ ድሕሪ ጽባሕ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነንሕድሕዱ ኣብ ምቅርሳም ወይ ምፍሳስ ከብጽሕ ተኽእሎ ስለ ዘሎ፡ ክእረም ኣለዎ። ዝሰምዔ ይስማዕ ዘይ ስምዔ ይስማዕ! ትንቢተ መድረኽ 101 እዩ።*

*ክፍኣታት እና ገደደ ይኸይድ ኣሎ። "ማርያም ኣስመራስ፡ ትሕልወኒ እንተ በልክዋስ፡ ምሕላዋ ከፍ ኣኒ፡" ከም እተባህለ መጠን፡ እዚ ተቓውሞ እዚ ድማ፡ ከመርሓና ዝተጸቤናዮ፡ ሒዙና ኣብ ገደል ከይ ሸመና መታን፡ ምሕላው ከፊኡና ዘሎ*

*እዩ። ሓጥኣተኛ ተቓውሞ። ፈጣሪ፡ ብኽምዝን ዝኽምዝን ክፍኣታት ምስ መረሮዶ፡ ኣይ ኮነን ማይ ኣይሂ ኣዝኒቡ፡ ንኹሎም ሓጣን ፍጥረት ዝሃሞኾም?*

*ንሕና ኤርትራውያን ከኣ፡ እንተ ዘይ ተኣሪምና፡ ንጥፍኣትና ዝኸውን መቕጻዕቲ፡ እንቶስ ካብ ሰማይ እንቶስ ካብ ምድሪ ክመጽእ እዩ፡፡ ውሑዳት ሰባት፡ ከም ነብይ ሄኖክ መሲሎም፡ እዛ ሃገር ከይ ትጥፍእ ከጠንቅቑ ይሰምዑ ኣለው። ንመዘኻኸርሪ ዝኸውን ተመልከት።*

> *"ደቂ ሰብ እናበዝሑ ምስ ከዱ፡ ሓጢኣትን እኪይን ብቕልጡፍ ኣብ ምድሪ ኣስፋሕፍሐ። ሄኖክ ዝስሙ በይኑ ነብዪ ኰይኑ ዘገልገለ ሰብኣይ፡ ኣምላኽ ኑቶም ዘይፈርህዎ ሰባት ከም ዜጥፍኦም ኣጠንቀቐ። ኰይኑ ግን፡ እኪይ ብዝያዳ እናኣስፋሕፍሐ ኸደ። ገሊኦም መላእኽቲ ነቲ ኣብ ሰማይ እተዋህቦም ስፍራ ሓዲጎም፡ መልክዕ ሰብ ሒዞም ኣብ ምድሪ ብምምጻእን ምስ ኣንስቲ ብምትእትታውን፡ ካብ የሆዋ ዓለዉ። ካብቲ ዘይባህርያዊ ርክቦም ድማ፡ ነቲ ኣብ ዓለም ዝነበረ ዓመጻን ምፍሳስ ደምን ዘጋደዱ ንጉዓት ደቓሉ ተወልዱ። ኣምላኽ ነቲ ምድራዊ ፍጥረቱ ኺበላሾ ኸሎ ምስ ረኣየ፡ ብዙሕ ሓዘነ፡"*
>
> *ዘፍጥረት ምዕራፍ 6 ኽሳዕ 11፣ ይሁዳ 14, 15 ።*

*ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጥፍኣት፡ ክንድሕን እንተ ደኣ ኮይና፡ ሰላም ብመንገዲ ልዝብ ከነናድያ ኣሎና። ተቓዋማይ እየ ማለት፡ ልቻንሳ ናይ ብዘይ ቀይዲ፡ ቃሕ ከከም ዝበለካ ገቢርካ፡ ኣብ ጉዳይ ሃገር ምዕግርጋር እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ነቲ ኣሎ ዝበሃል ሃልሃልታ ናይ እቲ መንግስቲ፡ ብዝያዳ ንኸባራዕ መታን፡ ኣብ ልዕሊኡ ላምባ ከም ምንስናሱ እዩ።*

*ነቲ መንግስቲ ክንቅይሮ፡ ወይ ድማኒ ከመሓየሽ ኣለዎ እንክንብል፡ ንነዊሕ ዓመታት ዘባኸናዮ ዕድላት፡ ኣይ ሰርሔን ወይ ድማ ኣፍሹሉና። ዝዓንደርናሉ፡ ረሳሕ ጉዳይ እንተ ደኣ ሃልዩ - 1) ህዝቢ ንኽስደድ ኣተባቢዕና 2) ሃገር ከም ዝባደመት ኣቃሊሕና 3) ሕጋዊ ባንዴራ ዘይ ብሉ፡ ዘይ ሕጋዊ መንግስቲ እዩ እናበልና ኣቃሊሕና 3) ኤርትራ፡ ብዘይካ ሓደ ኢሳያስ፡ ስለ ዘይ ወለደት፡ ንሱ ንባዕሉ ከኣ፡ ከም ወዲ ማማ ናታ ብምኻን፡ ወይ ድማኒ፡ ከም ናይ ብሕቱ ፍዮሪ ገቢሩ፡ በሸቀጥቀጥ ዝብለላ ወይ ዝሕንቕቓላ ዘሎ ሰብ፡ ከም ምኻኑ ገቢርክ ኣቃሊሕና፡፡ 4) ኤርትራ ንማዕቀብ ንኽትሳጣሕ ኣቃሊሕና 5) መንግስቲ ኤርትራ ብናይ ደገ ሓይልታት ንኽፈርስ ዓዲምና 6) ንመንግስቲ ኤርትራ ንምድምሳሱ፡ ብዘይካ ሓደ ሰራዊት ናይ ወያነ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካሊእ ዕድል ስለ ዘይ ብልና፡ ሰራዊት ወያነ ንኽወርር ዓዲምና።*

*እምኸ፡ ከሲርናሉ ዶስ ወይ ከሲብናሉ? መልሲ - ከሲርና ምበር! ዋይ ኣነ ሸእ! " ሰብ መሲሉንስ እምኒ ቆንጥየ" ከም እንተ ባህለ መጠን፡ ዝኸውን መሲሉኒ የኣይ፡ ምስ ከምዚታት ዝእምነታቱ ተቓውሞ ኮይነ ምቅዋመይ! ሓደ ነገር ከዘኻኽር ግን፡ ካብዚ ንድሓር፡ ምቅዋም ክሓድጎ ማለተይ ኣይ ኮንኩን። ክቃወም እየ።*

***<u>ክቃወም እንተ ደኣ ኮይነ ግን፡ ራእይ ናተይ ከይ ተቐየረ ኣብ ቦትኡ እንከሎ፡ ንሱ ከኣ፡ ንስለ ፍትሕን ዓማሚ ንዝኾዉን ዲሞክራስን፡ ርጡብ ብዝኾነ ሜላ እና ተጠቐምኩ፡ "ጭሩ ከም ዓቕማ ብብርዒ ስገም ትሕጎም" ከም ማለት፡ ዓቕመይ ንዝፈቕዶ ኣይ ከበቕቕን እየ።</u>***

***<u>ነቲ መንግስቲ፡ ከቕንኡ ዝኽእሉ ሜላታት ንምድህሳስ፡ ብሩጥበት ክንሓስበሉ፡ ጠለብ ናይ እዚ እዋን እዚ ኮይኑ ይሰመዓኒ። ቅንኢ! ናይ ምንታይ ቅንኢ? ከነቕንኦ ምስ እንደሊ፡ ብከምዚ ምፍታን።</u>***

- *እዚ መንግስቲ፡ ናይ ሓማሰን መንግስቲ እዩ ካብ ምባል ተሓሪምካ፡ ናይ ኤርትራ መንግስቲ እዩ ኢልካ ምምዳሱ። ኣየቕንእ እንዶ? ምኽንያቱ፡ እቲ ህዝቢ በዚ ኣበሃህላ እዚ ክቐስን ስለ ዝኽእል።*
- *እዚ መንግስቲ፡ ናይ ክስታን መንግስቲ እዩ ኢልካ ካብ ምባል ተሓሪምካ፡ ዕልመናዊ መንግስቲ፡ ከም ምኻኑ ምምዳስ። ኣየቕንእ እንዶ? ምክንያቱ፡ ነቲ ህዝቢ ኣስላማዩ ይኹን ክስታናዩ፡ ደቂ ሓንቲ ማህጸን ኤርትራ ከም ምኻኑ ስለ እነቕስና።*
- *እዚ መንግስቲ'ዚ፡ ዘበርክቶም ዘሎ ጠልታት፡ እኹላት ስለ ዘይ ኮኑ፡ ከነበርክቶም እንኽእል ጠልታት፡ ብዝያዳ ካብ ናቱ ዝተዓጻጸፍ፡ ዘንቢልና ሒዝወም ዘሎ ጠልታት ከም ዘልውና ንህዝቢ ምዕጋቡ። ኣየቕንእ እንዶ?*
- *ወፍሪ ሳዋ፡ ናይ ባርነት ካምቦ ዘይ ኮነስ፡ ንድሕነትን ቀጻልነትን ሃገር፡ ንምውሓስ ዝዓለመ ተበግሶ፡ ከም ምኻኑ መጠን፡ ኣብዚ ካምቦ እዚ ዝህነጽ፡ ኣካል ናይ ሕብረተ ሰብና ዝኾነ ከኣ፡ እቲ ኣብ ብርኩ ዘስተንፍ መንእሰይ ተመሃራይ እዩ። ጉብእ ከም ምኻኑ ምስ ነምጉስ፡ ህዝቢ ደስ ስለ ዝብሎ ድማ፡ ነቲ መንግስቲ ከኣ ከነቕንኦ ዕድል ኣሎ።*
- *ካብ ጸታዊ ኣድልዎ ንኣንስትዮ ምሕራም። ኣሕትናን ኣዴታትናን፡ ኣብ እዋን ብሉጻት ሃገራዊ በዓላትና፡ ብድምቀት ኣብ ዝኽበርሉ ኣጋጣሚታት፡ ምስ ክንደይ ባህግታተን፡ ንስለ ኽብሪ ታሪኽ ህብዚ ኤርትራ እንክኾርዓሉ፡ ወርቅን ጨርቅን ተሸሊመን፡ ከም ከሎም ተባዕትዮ፡ ብረስኒ ክለሃያ ይርኣያ እየን። ትልሂት ናይ ሓጎስ። ነዚኣተን ዘነውር*

*ጸርፍታት ክንሰምዕ ጸኒሕና ኣሎና። ከም ኣጋበዝቲ ናይ ዓራታዊ ርክብ ኮይነን ክጸረፋ ጸኒሔን። ቃል ብቓሉ ብቕንዝርና ተመራሲሔን። እንታይ ስለ ዝገበራ? ምስ እዚ መበግሲኡን መዕለቢኡን፡ ወይ ድማ መውጺኡን መእንተዊኡን፡ ዘይ ፈልጥ ተቓውሞ፡ ንስለ ደገፍ ናቱ እንክብላ፡ ኣብ ብሉጻት በዓላት ዝኽበሩሉ ኣጋጣሚታት፡ ርእሰን ድርሚመን፡ ጸሊም ክዳን ተኸዲነን፡ ተኾርምየን ዘይ ወዓላ እኳዩ። ከም እዝን ዝኽምዝን ዝመስል ፖለቲካ፡ ነቲ መንግስቲ ብኹርምቱ ዘስሕቖ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ዋይ ኣነ ተካል፡ ጠፋእኩ ኢሉ፡ ዘቕንእ ምጉት ኣይ ኮነን። ነቲ ሓፋሽ እውን፡ ዘነድር እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ዘነይት ኣይ ኮነን። ህዝቢ ክንክስብ እንተ ደኣ ኮይና፡ ዘቕንእ ወይ ዘህርር ፖለቲካ፡ ኣብ ዕዳጋ ምስ ዝወርድ፡ ህዝቢ ብዝኾነ ዋጋ ከፊሉ፡ ክዕድጎ ተኸእሎ ኣሎ። እንተ ዘይ ኮነ፡ ህዝቢ ምስ ጣፊእ ኣይ ክጠፍእ እዩ። ዘይ ምሕላሙ ከማን።*

- *ኣብ ዓዓመት፡ ንስለ ዝኸሪ ጀጋኑ ሰውኣትና፡ ሽምዓ ወሊዖም ካብ ምምካኽ ኣዋዲቕም፡ መርከብ ላምፓዱሳ ስለ ዝጠሓለት ብምባል ግን፡ ሕርኽርኽ እትብል ዳሂ፡ ኣብ ልቦም ዘይ ብሎም ክነሶም፡ ንርኣዩለይ ስምዑለይ ጥራይ ግን፡ ሽምዓታት ብምውላዕል፡ ሳነዱቕ ሬሳታ እና ኮሉዑ፡ ሕሱር ፖለቲካ ኣብ ጨረታ እንተ ኣውረዱ፡ ነቲ መንግስቲ ዘቕንእ ፖለቲካዊ ኣቕሓ ኣይ ኮነን። እቲ ህዝቢኸ፡ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕሱር ፖለቲካዊ ኣቕሓ ይዕድጉዶ? ኣይ መስለንን።*
- *ብዛዕባ ወፍሪ ናይ ሳዋ ዝምልከት ዝበሃልከ? ወፍሪ ባርነት ድዩ? ኣምባሳደር ኣድሓኖም ከም ዝበሎ እንተ ደኣ ኮይኑስ - እወ። ተዓዳጋይ ፖለቲካዊ ኣቕሓ ስለ ዝኾነ ድዩኸ፡ ኣብ ዕዳጋ ዘውረዶ? ኣይ መስለንን። ብኸምዚ ዓይነት ሸተኸ በተኸ እዚ፡ ክጣላዕ ዝኽእል ህዝቢ፡ ብዘይካ ውሑዳት ሰባት ካበይ ክመጽእ? ኩቡር ኣምባሳደር፡ ካብ ኢሳያስ ምስ ዓለወ፤ ምስ መሰፍን ሓጎስ ተቛሪኑ። ጽንሕ ኢሉ ከኣ ካብ መስፍን ሓጎስ ዓልዩ። ጉሂና። ህጥራኑ ከውጽእ ከኣ፡ ዓዲ ዓዲ እና ዞረ ሰቢኹ። ኣነ ዝተ ኻፈልኩዋ፡ ኣብ ኦክላንዲ ካሊፎርንያ ከይ ተረፈ። ብዛዕባ ካብ በዓል መስፉ ሓጎስ ስለምታይ ከም ዝዓለወ፡ ነተን ኩለን ኣብ ኮሎጀ ሻዕብያ ዝተ መረቐለን ቃላት ተጠቒሙ፡ የረድእ ነይሩ። ካብተን ቀንዲ ምኽንያታት ንኽፈላለ ዝገበርኦ ክልተ ቃላት ከኣ፡ ስኣን " ጉሉጽነትን ተሓታትነትን" ከም ምኽኑ ይሰብኽ። ንዓይ ግን ኣበሃህልኡ ክስቆረኒ ኣይከ ኣለን። እንዳ ተሸቑረርኩ ክሓቶ ደፊረ።*

*ከምቲ ኣብ ኮለጃታት ኣሜሪካ ዝተመሃርናዮ፡ ሓቂ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ኣብ ዝኾነ library እውን፡ ተኸዚኑ ከም ዘሎ፡ ጉሉጽነት ማለት = transparency, ተሓታትነት ማለት ድማ = accountability እዩ። እንታይ እዩ እቲ ንዓኻ፡ ካብ ብጻይካ መስፍን ሓጎስ፡ ንኽትዓሉ ዝገበረካ? ስውር ሸርሕታት እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑን፡ ብሓላፍነት ድማ፡ ክትሕተሉ ዘይ ደሌኻን፡ እንተ ደኣ ነይሩ፡ ኣብዚ ኣኼባ ከተቕድሞ ብዘይ ምኻልካ፡ ንዓይ ከም ዝመስለኒ ብገለ ምኽንያታት ስለ ዝቕናእካ ከም ኮይኑ ይስመዓኒ፡ እንክብል ሕቶይ ምስ ደምደምኩሉ፡ ከም ገለ ገቢሩ እና ጠመተኒ፡ ኮርፎፍ ይብለለይ።*

*ብጉርሒ ስለ ዝተበላዕኩ ተካል ውላድ፡ ስለ ዝኾንኩ ደኣ እየ ፡ ቶግ ከብላ ስለ ዘይ ደሌኹ እምበር፡ ካብ መስፉ ሓጎስ መፈላለይኡስ፡ መቐጸልታ ናይ እቲ ኣብ ሻዕብያ ዝላደዩሉ፡ ናይ ኣከለጉዛይን ሓማሴንን ኣውራጃዊ ሕማም፡ ከም ኮይኑ ስለ ዝተ ሰመዓኒ እየ። እቲ ኣምባሳዶር ዓብደላ ኣደም ዝበሃልከ፡ ከም ሓቀኛ መሲሉ ከህርረና ምስ ወርሔ፡ ነቲ መዳርግቱ ነድሓኖም፡ ኣላታን የብለን ሕርሕራይ ገቢሩ፡ ኣብ ካርቱም ምስ ሸንድሓ፡ ንሳን ዝዕርበታን ኣበይ ከም ዘሎ ከይ ተፈልጠ ተሸሚሙ። በዝን ዝኽምዝን ተቓውሞ፡ ሽፍትነት ደኣ እምበር፡ እንታይ ካሊእ ኣበርክቶ፡ ከይ ህልዎ እንክብል ኣስተንቲነ።*

*ነቶም ጉዳይ ሃገር ብዑምቆት ዝስቆርም ጥራይ ዘበሉ፡ ኣብነት ምሕባር ኣገዳሲ ምስ ዝኸውን፡ ታሪኽ ምልሶት ናይ እስራኤላውያን ካብ ስደት ምትንካፍ ልቢ ሰበር እዩ። ሃገሮም ንምህናጽ፡ ወፍሪ ልምዓት መንእሰያት ንሃገራዊ ኣገልግሎት ኣሰሊፎም። ተዓዊተምሉ ከኣ። ተመሳሳሊ ምስ ወፍሪ ሳዋ እዩ። ወፍሪ ባርነት እዩ ነይሩ ክንብሎዶ ንኽእል? እዝግሄር ዋናኻ ኣምባሳደር!*

*ንምድረ በዳ፡ ብኸመይ ናብ ለማልም ዝለወጠ ጉልበታት፡ ናይ መንእሰይ ወፍሪ ዝተሓወሶ ነበረ። If you in doubt, read a book written about people of Israel exodous. ወይ ከኣ፡ እዚኣ ትሰዕብ ቁንጫል ጥቕሲ ትኣኽለነ እያ፡ ንዝብል ህኩይ ተኸታታሊ እንሄለት።*

> *"**Conscription** exists in **Israel** for all Israeli citizens over the age of 18 who are Jewish, Druze or Circassian; other Arab citizens of Israel are not conscripted. Other exceptions are made on religious, physical or psychological grounds. The normal length of compulsory service is currently two years, eight months for men (with some roles requiring an additional 4 months of service) . . . . "*
>
> *source – Wikipedia.*

-

ንህዝቢ ደስ ዘብል ነገራት ምኪያድ፡ እምኒ ዓረ ዕላማ እዩ። እንተ ደአ ዘይ ኮነ ግን፡ ንህዝቢ ዘነድር ድፍረት እና ኣጋዋሕካ ዝግበር ተቓውሞ፡ ንኩናት ሓድሕድ ምብራዕ ዝዕድም ጸዊዒት እዩ። ኣብ ልምዓት ሃገርን ምክልኻል ሃገርን፡ ነጢፉ ንዘሎ መንእሰይ፡ ኣብ ከንዲ ምምዃሱ፡ ከም ወይጦታት ወይ ከደምቲ ናይ ህግድፍ ገይሩ ዝራገም ተቓውሞ፡ ንመን ከቕንእ ይኽእል?

ምስ እዞም ኩሎም ናይ ኤርርትራ ተቓወምቲ ብምትሕብባር፡ ሓዊ ክፍኣት ብዘይ ቀይዲ፡ ዘካይዱ ዘለዉ ዌብ ሳይታን ፓልቶካትን፤ ፈይስቡካትን፡ በዚ ኣቶም ዝቕየም ህዝቢ ኣዝዩ ብዙሕ ከም ምዃኑ፡ ዝርድእዎ ኣይ ኮኑን። ንናይ ህዝቢ፡ ሕልና፤ ሞራል፤ ባህጊ፤ ክብሪ . . ኮነ ኢሎም ዘቃናጽቡ፡ ኣድማሳዊ ገበናዊ ሕጊ፡ ኣብ ልዕሊ ኩዳዓት ሃገር፡ ዝብይኖ ፍርዲ ደኣ እየ ዘይ ፈልጦ እምበር፡ ኣብ ቁጽጽረይ እንተ ዝኸውን፡ ሕጊ ሃሞራቢ ምተጠቐምኩ - ዓይኒ ዘንቆረ፡ ዓይኑ ምንቋሩ ማለተይ እየ።

በብግዚኡ ድማኒ፤ መን ከም ምዃኖም ዘይ ፍለጡ ተዛረብቲ ቋንቋና፡ መልሓሶም ኣብሊሖም ብድምጺ፡ ደወሸኦም ክሰምዑ ስለ ዝገበሩ ደኣ እምበር፡ ብጽሕፈትሲ ኣብ ብዙሓት ወብ ሳይታት ክብሃል ዝሰንሐ እዩ። ዋላኳ ተዛረብቲ ቋንቋና እንተ ኾኑ፡ ብኹሉ ናይ ኤርትራውነት መዓቀኒ ረቛሒታት ተጠቒምና፡ ናይ መን ከም ምዃኖም ምስ ነነጻጽሮም ግን፡ ካብ ሕንጻጻት ኤርትራነት ወጻኢ /ፎሪ/፡ ኮይኖም ዘዕገርግሩ ዘለዉ ክፍኣተኛታት እዮም። ካብቶም ብወረበላነት ዝኸሱና ዝነበሩ ጸላእትና፡ ፍልልይ ኣለዎም ድዩ? ኣይ መስለንን። መድሎ እንተ ረኺቦም፡ እዚ ኣቶም እኳ፡ ይሓስሙ ይኾኑ። ንህዝቢ ኤርትራስ ሸፍታ?

ንምጽራፍ ኢሎም ጥራይ ድዮም፡ ዝብልዎ ዘለውስ ወይስ፡ ናብ ካልእ መዓርፎ ዘብጽሕ ዕላማ ሃልዩ ኮይኑ፡ ንዑኡ ከም መማቕርቲ ወይ ኣሳለጥቲ፡ ኮይኖም እዮም ዝነጥፉ ዘለዉ? ብናይ ባዕለይ ጠመተ፡ ክንጽሮ እን ከሎኹ፡ ምናልባሽ ቁሩብ ንቕድሚት ሰጕመ ኪይህሉ፡ እና ተሰከፍኩ እየ ደኣ እምበር፡ ብጉቡእ እንተ ደኣ ተተርጉሙ፡ ብገለ ወገናት ተዘሪኦም ዝፈረዩ፡ ከም ምዃኖም ዝሕብሩ፡ ሩጡባት ምልክታት ከነለሊ ንኽእል ኢና፡፡ እቶም እንፈልጦም ውድባትከ?

**<u>ብብዝሒ ውደባታቶም ጥራይ ምስ ዝምዘኑ፡ ነብሲ ወከፎም ኒታ "ንሕናን ዕላማናን" እትብል፡ ንጽርቲ ራእይ፡ ናይ ኢሳያስ ኪደቕልዋ፡ ክሳብ ሓሞቶም ዝሕው ዝብሎም ፈቲኖም፡ ምኽኣላ ምስ ሰኣኑ፡ ጃላ ኮይኖም ተሪፎም ዘለዉ እዮም።</u>**

ብዝሓም ክንደይ ከም ምዃኖም፡ ኣዲኦም ትቕጽሮም። ነብሲ ወከፎም ድማ፡ "ነናይ በይንናን ዕላማናን" ኣብ ዝብል ራእዩ ተሸሚሞም፡ ፍሑኽ ክብሉ ዘይ ከኣሉ፡ ጥራይ ዘይ ኮኑስ፡ ነንሕድሕዶም ዝቀናጻጸሉ ዘለው፡ ብኸመይ ከግለጹ ይከኣሉ ፡- ብቀይዲ በተኽ፤ ብፋሉልነት፤ ብሸፍትነት? መልሲ ካባይ ኣይ ትጸበዩ።

**<u>ኤርትራ ናይ "ንሕናን ዕላማናን" ደኣ እምበር፡ ናይ " ነናይ በይንናን ዕላማናን" ኣይ ነበረትን፤ ኣይ ኮነትን ኣይ ክትከውንን ከኣ እያ። "ንሕናን ዕላማናን ማለትን፡ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢን"፡ ከም ናይ ሓንቲ ሰልዲ ክልተ ገጻት እየን። በዘን ክልተ ጭርሖታት እዚኣተን፡ ብሉጻት ትምኒታት ከነሰን፡ ከም ሕማም መንሽሮ ኮይነን፡ ንብዙሓት ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ፡ ቅሳነት ከሊኤንኦም ዘለዋ እየን። ወይልኺ ኤርትራ፡ ነዚኦምን ንኸምዚ ኦምን ሓቑፍኪ ዘሎኺ።</u>**

ኣፋፍኖት ክህበና ዝኽእል እንተ ደኣ ኮይኑ ግን፡ እዞም "<u>ነናይ በይንናን ዕላማናን"</u> በሃልቲ ተቓወምቲ፡ ካባታቶም ዝተጨጭሑ ሰባት፡ ዋላ ደኣ ኣስማቶምን መልክዖምን፤ ዓዶምን ዓውዶምን፡ ከነግሩ ዘይ ክእሉ ፈራሓት ይኹኑ ደኣ እምበር፡ ገድሊ ኤርትራ ማለት ሸፍትነት እዩ ነይሩ ጥራይ ዘይኮነትስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንዓታቶም፡ ስርዓተ ጣሻ እዩ /rule of the jungle/። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ስርዓተ ሸፍታ ማለት እዩ።

ድሕሪ ሰለፉ እንታይ ተረፉ፡ ከም ማለት መን ድዩ፡ ንኣቦ ስውራና ዓዋተ፡ ብሸፍትነት ዝደወና? ሻዕብያ ድያ? ኣበደን። ህግዲፍ ድያ? ኣበደን። መንግስቲ ድዩ? ኣበደን። ኢሳያስ ድዩ? ኣበደን። መን ደኣ? ተ . . . ቓ . . . ው . . . ሞ!

ሕጂ ከደ ኣሞ፡ መን ድዮም ንገድሊ ኤርትራ ሸፍትነት እዩ ነይሩ ዝበሉ? ተ . . . ቓ . . . ው . . . ሞ! ኢታ ሓንቲ ክብልዋ ንጽበዮም ዘሎና ጸለመ ድማኒ፡ ገድሊ ኤርትራ - ናይ ሸበራ ወፍሪ እዩ ነይሩ ንኽብሉ እዩ።

ንስኻትኩም እቶም ሰብ መደብ ሓቂ ብጋህዲ፡ ሓቂ ንስለ ሓቂ ክትዛረቡ፡ ዝተወፈኹም ብጾት ከም ምዃንኩም መጠን፡ ብላዕሊ ላዕሊ ዘይ ኮነስ፡ ብዕምቆት ኣግሀድ ኣቢልኩም፡ ብዛዕባ ሸፍትነት ዝምልከትን፡ ተዛማድነቱ ምስ ተቓውሞነት ኣተሓሒዝኩም፡ እንተ ትምህሩና ኣዝይድ ኣቢለ መጠቓዕኩልኩም። ናይ ዓዲ ሃሎ ብጋህዲ ካብ ሸምሸምኩም፡- ሃየባ ቁሩብ

*ብዛዕባ እዚ ሽፍትነት እዚ ከኣ ብጋህዲ ከት ሽምሽምዎ። ከምኡ ድማ፡ ነዚ ሓዲሽን ዝተመሓየሸን፡ ሕግታት መንግስቲ፡ ኣብ ሀገርና ዝተ ኣታተወሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ብጋህዲ ካብ ጸየንክሞ፡ ሃየባ ብጋህዲ፡ ናይዛ ዓሸከር COI ሌልሳ ጭሩም እትብሃል ነገር። ጋህዲ ደኣ የጓኑ ድዩ? ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ተቓውሞ የሎን ንዝበሎ ሓቂዶ ኣይ ኮነን እዩ? እስከባ - መደብ ሓቂ ብጋህዲ፡ ብዛዕባ እዛ ነጥቢ እዚኣ፡ ኣበይ ኢያ ዘላ እታ ሓቂ? ኣፋፍኖት ክህበኩም።*

*ንሕና ኤርትራውያን፡ ጎፎነፍ ኣብ እንበሃለሉ እዋን፡ ንኹነታትና ኣመልኪትና ንተሓታት ኢና። እቲ ዝውቱር ዝኾነ ሕቶ ድማ ከምዚ ይብል። " ደሓንዶ'ሎኹም ሰብኩም ማልኩም? " ዝብል እዩ። እቲ ዝውቱር መልሲ ድማ፡ "እመስገኖ ማሕረ'ሎና ወይ ድማ ደሓን ኣሎና" ዝብል እዩ።*

*ነዚ ስርዓተ ጣሻ ዝኾነ ተቓውሞ፡ "ደሓንዶ'ሎኺ?" ኢልኩም እንተ ሓተትኩሙልና፡ ደሓን ኣሎኹ ክብል ይኽእል ድዩ? ኣነ ከም ዝመስለኒ፡ እዝግሄር ምሕረቱ ይኣዝዘልና ደኣ እበር፡ ደሓንሲ የሎናን፡ ኢሉ ከም ዝምልሽ እዩ። ብጋህዲ ክትብልዎ ትኽእሉ እንተ ሎኩም፡ እስከ - ስለ ወላዲተ ኣምላክ፡ ነታ ሓቃ ኣንቁር ኣቢልኩም ክትነግሩና። እዚ ተቓውሞ ከመይ ኣሎ? ንርእሱ ጠፊኡ፡ ከይ ልክመና ንሽቖረር ስለ ዘሎና እየ - ኣይ ትሓዙለይ ብጋህዲ ዝሓተትኩም ዘሎኹ። ከይ ረስዕኩዋ እንክሎኹ ድማ፡ ሓንቲ ምስላ ከዘኻኽር። " ስራሕ ዝሰኣነት ፈላሲትሲ፡ ቆብዓ ቀዲዳ ትሰፉ" እትብል ኢያ። ምስ እዚ ተቓውሞ ምስ እነመሳስላ፡ ሕርሕራይ ትገጣጠም ኢያ።*

*እዚ ዕላማ ዝጨነቖ ፈላሲ ተቓውሞ እዚ ከኣ፡ ነዛ ርእሱ ክሸፍነላ ዝኽእል፡ ሓንቲ ተምሕረለይ ትኸውን ኢያ፡ ኢሉ ዝለብሳ ቆቢዕ ኣላቶ። ነዛ ቆቢዕ እዚኣ፡ ዝብሎ መምስ ሓጸርፂ ቀቀዲዱ እዩ ክሽቅጠላ ዝርኤ። ስም ከኣ ኣለዋ። __**ኢሳያስ ትበሃል።**__ ናይ ክንደይ ፈለስቲ ቆቢዓት ርኢና እሞ፡ ኣይ ከምዛ ቆቢዕ ኢሳያስ - ክትቅደደን ክሽቁጡላን ክሳብ መዓስ? ዘሕንኽ እዩ።*

*ኣንቶም ሰባት፡ መወዳእታ ዘይ ብሉ፡ ኢሳያስ . . . ኢሳያስ . . . ኢሳያስ... ከም ሓንቲ ቆቢዕ ፈላሲት ኣምሲልና፡ ቀቀዲና እንተ ሸቀጥናያ እንታይ ኢና ከነርኢ ንደሊ ዘሎና፡ ብዘካ ንባዕልና፡ ከም ስራሕ ጨነቖ ፈላሲት ምኻን። ነዚ ሰብ እዚ፡ እንታይከ ዘይ ተባህለሉ። እምበርዶ ከነውቅዖ እንኽእል ስራሕ ኣሎና'ዩ? ደሙ እና ሰቴና፤ ስጋኡን ኣዕጽምቱን፡ ኣንጉዕ ናቱ ከይ ተረፈ ክንሓይኮ ጸኒሕና። ስለምታይ?*

*ትግራዋይ እዩ ዲና ንብል ዘሎና? እንተ ኾነኸ? ከም ወልደኣብ ማለትና ድናስ፡ ወይስ ካልእ ኣሎና'ዩ? ኢሳያስ፡ ኣብ ሓንቲ ዘምቢል ጥቕልል ኣቢሉ፡ ንትግራይ ከይ ሸጠና ዲና፡ ዘባህረረና ዘሎ? እታ ተሻቕለና ዘላ ትግራይ እንተ ኮነት ከኣ፡ እቶም መራሕታ ደቃ፡ ነዚ ሰብ እዚ፡ ወሰን ብዘይ ብሉ ገበናት ተዋርዶ ከም ዘላ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ መድሎ እንተ ዝረኸቡ ነይሮም፡ ንኽቕተል ትምኒቶም ኣይ ኮነን እንድዩ እዩ? ኤርትራ ዝገበረላ ደኣ እምበር፡ ካብ ዓሌተኛ ወደባት ኣይ ትረብሕን ኢያ።*

- *በዓል መን ድዮም፡ ነዛ ሃገር ወይ ብፈደረሽን ወይ ብኮንፈደረሽን፡ ወይ ከኣ ብዝኾነ መልክዕ፡ ኣብ ሓደ ካርታ ምስ ኢትዮጵያ ክገብሩዋ ሑኽ ዝብሉ ዘለው? ኢሳያስ ድዩ?*
- *መንድዩ ቅድሚ ምማተይ፡ ኤርትራ ናብ "እናትዋ እትዮጵያ" ክትምለስ ዝተማህለለ? ናይ ትግራዋይ ወይ ኣምሓራ ደም ስለ ዘለዎ ድዩ? ካርነሽሚይ ክነሱዶ ኣይ ኮነን? እዚ መዓት ዝወረዶ ኢሳያስ ደኣ፡ በየናይ መስፈሪ ኢና ትግራይነቱ ክንመዝኖ? ብዘርእን መበቆልን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ንሕናኸ መን ካብ መን መጺእና ዝፈለስና ዲና?*
- *መን ድዮም - ኣብዚ ዘሎኹሉ ወረዳ፡ ኣብ ቅድሚ እፋፌትና ተገቲሮም፡ "ህዝቢ ብህዝቢ" ዝብል ፕሮጀክት ብምውጣን፡ ምስ ልዕላውነትና ዘይ ሳነዩ፡ ሊቃውንቲ ኢትዮጵያውያን እና ተመሓዘዉ፡ ከም ማይ ጸባን ክሓዋውሱና መታን፡ እንተላይ ብሙዚቃ፡ ኣሻንዳየ ዝሰዕሰዕሉ ዘለዉ? ኢሳያስዶ ከምኡ እገብር'ዩ? መሃነኑ ዘጥፍኤ ተቓውሞ፡ ክሳብ ሕጂ ብሳላ ንኢሳያስ ከም ናይ መጣልዒ ክርታ ክጥቀምሉ ንዝጸንሑ፡ እታ ካርታ መረቓ ወዲኣ ከም ዝሓረረት ወይ ዝነቐጸት፡ ጌና ኣይ ተረድኦምን ዘሎ። እዚ ኦምስ ተቓውሞ? መሕነኸ!*

*ካብ ኢሳያስ ብዝያዳ፤ ነዛ ሃገር እዚኣ ገይረላ እየ፡ ወይ ከኣ ክገብረል ይኽእል እየ፡ ዝብል ምኩሕ እንተሎ፤ ረዙመ / resume/ ናቱ፡ ጫሕ ኣቢሉ ክርእየና ይፕለብ። እንተ ዘየሎ፡ ስለ ዘፍጥረት፡ - Plain and simple watch out your moths. እንተ ቐጺልኩም ግን፡ ከምዛ ስራሕ ዝሰኣነት ፈላሲት፡ ቆብዓ ቀዲዳ ትሰፉ፡ ደይ ከምዚ ናታ፡ ዕላማ ስለ ዝሓርበተኩም ኢኹም፡ ነዛ ናይ ኢሳያስ ቆቢዑኩም ቀቀዲኩም ክትሸቅጡላ ትውዕሉ ከም ዘሎኹም፡ ኮይኑ እዩ ዘነውረኩም። ነውራም ተቓውሞ!*

*ምናልባሽ፡ ንዓይ ከም ናይ ኢሳያስ ተጠባቒ* (defense attorney) *ኣምሲሎም ዝወስዱኒ ከህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣነ ግን፡ ነዚ ጅግና ሓርበኛ እዚ፡ ካብ ሰበይ ንልዕሊ፡ ኣይ ፈልጦ ኣይ ጥይቐ። ንመጀመርታ እዋን፡ ብማዕዶ ማዕዶ ስሙ ዝሰማዕኩዋ፡ ደድሕሪ ስውእ ናይ ሰለሙን ወልደማርያም ስም፡ ኣብ* 1971 *ዓም እዩ። ዘይ ከም ምስ ሰለሙን ግን፡ ምስኡ*

*ኀፈኀፍ፡ ኣጋጢሙኒ ኣይ ፈልጥን። ምስ ሰልሙን ግን፡ ብሓደ እግሩ ኣብ ገምገም ጋህሲ፡ ጠጠው ኢሉሉ፡ ኣብ ዝነበረሉ ሰዓታት፡ ምስ ብጻየይ ጅግና ፈዳኢን፡ ሓርበኛ ታረቐ በራኺ እንክሎና፡ ኣዳኒፉና ይነብር። ዘይ ሃስስ ስምብራት፡ ኣብ ልብና ኣሕዲሩ ከኣ ተፈልዩና፡፡ "ጽብቕ ሂወት ምሕላፍ ማለት፡ መስዋእቲ ንስለ ሃገር" ከም ማለት ምኽኑ ተዛሪቡ ደሓን ሕደሩ ኢሉ ተፋንዮና። ኮይናትሉ ከኣ። ዝርዝራቱ፡ እዛ ዓንቀጽ እዚኣ፡ ክትሸከሞ ዘይ ትኽእል ከብደት ዘለዎ እዩ።*

*ከሳብ ሕጂ፡ ደምበ ተቓውሞ እንዳ ተባህለ፡ ክዝረብ ጸኒሑ እዩ። ደምበ ከም ዘይ ከነ ግን፡ ብዓንተቦ መሬት ብእዋኑ እንክሎ፡ ብጋህዲ ክጸውየሉ ዝጸናሕኩ፡ ተኣፋፊ ዝኾነ ዛዕባ እዩ። ደምበ ዘይ ኮነስ "ጣሻ ወይ ዱር " / Rule of the Jungle Opposition / ከም ምኳኑ ማለተይ ነበረ። እንተ ደኣ ዘይ ስቆርም ሰባት፡ ሃልዮም ኮይኖም ግን፡ ጽሙቕ ኣቢለ፡ ነቲ ሓቂ መሲሉ ዝስመዓኒ (ንዓይ) እንሆ ከፋኩሶ ።*

*ብጉዳይ ሃገር ክንሰሓቕ ምስ እንደሊ እምበኣርከስ፡ እተን ጸወታታት ክልተ እየን። እታ ሓንቲ ጸወታ፡ ኣብ ዘንቢል ናይ መንግስቲ ዘሎ በድንታት እዩ። እታ ካል ኣይቲ ጸወታ ድማ፡ ኣብ ዘምቢል ናይ ተቓውሞ ዘሎ ካንሰር እዩ። ንዘምቢል መንግስቲ ዝምልከት፡ ብጋሕዲ ካብ ዝዝረበሉ በዚሑስ ፈሲሱ ከማን። ብዘበን ዉበ ዝጸመመ፡ ውብ ከብል ከም ዝሞተ መጠን፡ እዞም ብዘበን ኢሳያስ ዝጸመሙ ድማ፡ ኢሳያስ ክብሉ ከይ ሞቱ እንከለዉ፡ ሰብ መደብ ሓቂ ብጋህዲ፡ ገለጾ ነታ ሓቃ ብጋህዲ ጥንቁር ኣቢልኩም፡ ምመዓድኩሙልና። ኣሸኣኒኹም።*

*ነዛ ከም ቀንዲ መላባዒት፡ ናይ ሕብረተ ሰብኣዊ ሕማማት፡ እና ኮነት ትመጽእ ዘላ ፡ ዘንቢል ናይ ተቓውሞ ግን፡ ፈውሲ ዘይ ርከቦ ሕማም፡ እና ኣመሓላለፈት ከም ዘላ ፡ ጉሁድ እንክሎ፡ ብዘይካ ሓደ ክልተ ሰብ ሓሞት ንጥርጣር፡ እንተ ዘይ ኮይኖም፡ እቶም ዝተረፉ ግን፡ ኣግህድ ኣቢሎም "ፎእ ጨርቃ - ፎእ ወርቃ"   ኣብ ክንዲ ዝብሉ "እረኤና እሰማዕና" በሃልቲ እዮም። እንተ ጽባሕ እንተ ድሕሪ ጽባሕ ግን፡ ተጣዒሶም ከመልስዎ ኣይ ክኽእሉን እዮም። ተቓውሞ፡ ንሀገር ዶስ፡ ወይስ ንመናብር ሸመት?  ቅድሚ ጉዳይ ሃገር፡ ሸመት ንዝሰርዕ ሃገራዊ፡ ሸፍታ ከም ምኳኑ የስምዕ። የብዝሖ ከይ ህሉ፡ እና ተሸቑረልኩ እየ። ኢስተረኒ ዘብል እዩ።*

*ኩላትና ከም እንፈልጦ፡ ክሳብ መሊኡ ዝፈስ፡ ጸገማት ከነጠራቕም ከም ዝጸናሕና፡ ዘይ ፈልጥ ኤርትራዊ ኣሎ ድዩ? ናይ እቲ ጸገም ጸገም ግን፡ ከመይ ገቢርና ንጸገምና ከም ነቃልል፡ ጸጊሙና ምህላዉ እዩ።*

*እዝግሄር እንተ ዘይ ጸሊኡልና፤ ወይ ከኣ፡ ሰይጣን ኣብ ርእስና እንተ ዘይ ሸይኑልና፤ መፍትሕ ናይ ማሕበራዊ ሸግራት፡ ክት ከውን እትኽእል፡ ሓንቲ መድሃኒት ትሃሉ። __ልዝብ።__ ልዝብ ኣብ ምንታይ? ልዝብ ምስ መን?*

*ፍኹስ ብዝበለ ኣበሃህላ፡ ልዝብ ኣብ ጠለባት፤ ልዝብ ምስ ጠለብቲ ንጠለባት ምኪያድ፡ ኣገደስቲን ረቛሕቲን መልሲ ናይ'ቲ ግድል እዮም። ግድል ክፍታሕ፡ እቲ ግድል ይነጸር።*

*ታሪኽና ሓደ ገጂፍ ግድል ምስ ፈትሔ፡ ዓወት ነጻነትና ርኢና። ብኸመይ ከም ዝፈታሕናዮ፡ ቁሙጥ ታሪኽ ስለ ዝኮነ፡ ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስና፡ ክንቅይሮ ወይ ክንጸጽዮ ኣይ ከኣልን። ነቲ ግድል ክንፈትሕ ዝተ ጠቐምናሎም ውደባታት ከኣ፡  እቶም ቀንዲ ካብ ኣቶም፡ ብቐደም ተኸተል ዝልለዩ፡  ኣባትር ሓጺን ዝኾኑ፡ ጀብሃን ሻዕብያን ዝበሃሉ ኣሳለጥቲ ነበሩ።*

*እዚ ኣቶም ንባዕሎም፡ ኣሳለጥቲ ደኣ እምበር፡ ከም ወዳእቲ ወይ ወሰንቲ ነገር፡ ጠለባት ናይ ሕብረተ ሰብና ክኾኑ ኣይ ክእሉን። ክኾኑ እንተ ፈቲኖም ግን፡ ጸገማት ናይቲ ሕብረተ ሰብ፡ ከም ብዝሑ መጠን፡ ብዙሓት ስለ ዝኾኑ፡ ናይ ብዙሓት ተሳትፎ እንተ ዘይ ረኺቡ፡ እቶም ጸገማት፡ መመሊሾም ይራብሑ። እሞ ደኣ፡ እታ መንገዲ ናይ ፍታሕ ብኸመይ ትርከብ?*

*እታ ጀብሃ እትበሃ ኣደ ገድሊ፡ ብእዋኑ ስራሓ ወዲኣ ጠንጢናትና ከደት። እታ ሻዕብያ እተበሃል፡ ብጉርሒ ዝተበልዔት ውላዳ ግን፡ ከምታ ንዓአ እትጥዕማ ሜላ ተጠቒማ፡ "ኀባጥ መደቀሲኡ ባዕሉ እፈልጣ" ከም ማለት፡ ሰላሕ  እና በለት ምስ ኣፋነወታ፡ ድሕሪ ናይ ዓሰርተ ዓመታት፡ ዝወሰደላ ተባዕ ግድል፡ ካብ ገደል ናብ ኀልኀል፤ ካብ ባርነት ናብ ነጻነት ተኀናጺፉ። ኤርትራ እትበሃል፡ ነጻ ሃገር ከኣ ኣውሒሳ። ዓሽ ዓሽ ሻዕብያ!*

*ኤርትራ ድማ፡ ኣባል ናይ ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ ኮይና ተፈሊጡላ። ንምስክር ከኣ፡ እታ ክብርትን፡ ናይ ሓዋሩን ባንደራኣ፡ ኣብ ህንጻ ናይ ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ፡ መሬት USA ተንበልብል ኣላ። ናብዚኣ ዘይ ሰግድ ኤርትራዊ፡ እዝግሀር ዝጸልኣሉ ወይ ድማ ዝረገሞ ክኸውን ኣለዎ። ኢጋገ ድየ ዘሎኹ?  እስተረኒ!*

እንተ ደኣ እጋገ ኣሎኹ ኮይነ ድማ፡ ብኃዞም ይኹን ብጉራደ፤ ብዓረር ይኹን ብገመድ… ከምዞም ዳዕሽ ዝበሃሉ፡ ናይ ረቢና ልእኽት ገይርኩም፡ እንተ ደኣ ተሳሂልኩሙኒ፡ ማዕጾ ናይ እታ <u>ጀና</u> ፡ በግ ኢላ ከም እት ኽፈተልኩም፡ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ምኽንያቱ፡ ፍርቂ መንገዲ ዝበሃል፡ ኣየዋጽእን እዩ - እንክበሃል ንሰምዕ ስለ ዘሎና። ምሳና ወይ ምስኣቶም፡ ኣብ ዝብል ዕጽዋ ተሰጊጥና ስለ ዘሎና። ዝሓይሽ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ እቲ ድሮ ተጀሚሩ ዘሎ ምትህርራም፡ ክብርክት ከም ዝኽእል፡ ዝሰምዔ ይስማዕ ዘይ ሰሜ ይስማዕ፡ ትንቢተ መድረኽ 101 እዩ።

ነዘን ታሪኻውያን ዝኾና ክልተ ውድባት፡ ማዕረ ማዕረ ናይ እቶም ኣምኃስተን፤ ንሕሰያ ዘይ ብሉ ጸለመ፡ ክቐ ብኡዎን ዝጸንሑ፤ ብውደባ ይኹን ብተናጽል፤ ካብ ወጻእተኛታት ይኹን፡ ካብ ውሽጣውያን፤ ብድምጺ ይኹን ብቪደዮ፤ ከምኡ እውን ብቐለም ከፍኖ ጸኒሑ።

ተቓወምቲ ተባሂሎም፡ ባዕሎም ንባዕሎም ዝተሸሙ፡ ኣዲኦም ትቐጸሮም፡ ብዙሓት መብረስቲ ክብርታት ሃገር፡ ከም ዘርኢ ኃመዳ፤ ኣምበጣ፤ ወይ ድማ ከም ፍልሖ ኮይኖም፡ ኣብ ፈቐዶ ጽፍሒ ዓለም፡ ፈሊሖም ወይ ተባዚሖም ይርከቡ።

እዝግሔር እንተሎ፡ ናይ ልቦም ኣይ ሰመረሎም ይኸውን ደኣ እምበር፤ መታን ህዝቢ ኤርትራ ፋሕ ጀንገራሕ ክብል፡ ብሃማኖት፤ ወገንን ዓሌታትን ተወዲቦም፡ ክሕምስዎ ንዝጸንሑ ጻዕሪ፡ ሕርሕራይ ፍረ እና ረኺቡሉ እዮም። <u>**ሶውራ ኤርትራ ሽፍትነት እዩ ነይሩ ዝብሉ፡ ሰብ ለማጽ መልሓስ ኣፍርዮም ኣለዉ።**</u>

ዝተባህለ እንተ ተባህለ ግን፡ ግዘ ካብ ዝጅመር ክሳብ 1991 ዓም፡ ዝነበሩ ዝነበሩ ዘይ ተኣደነ ግድላት፡ ከም ዘይ ተወድኡ ንፈልጥ። እና ተወሰኹዎም እውን እዮም። ብጉልባብ ተቓውሞ ንስለ ዲሞክራሲ፡ ማሕበረ ሰብ ምስ ማሕበረ ሰብ፤ ሃይማኖት ምስ ሃይማኖት፤ ኣውራጃ ምስ ኣውራጃ፡ ንምትፍናን ክከየድ ዝጸንሔ፡ ኣብ ናይ ዲያስጶራ ትርምስ፡ ከመይ ድዩ ዝመስል ዘሎ? ገመል ሰሪቕካ ደኣ፡ ብጉምብሕ ጉምብሕ፡ ክትክወል ይከኣል ድዩ?

ንሃይማኖት ዝምልከት፡ ከምዚዶ ኣይ ኮነን ዝበሃል ዘሎ?

- ሀ - ሁ - ሂ ኣብ ዝኣተወታ፡ ማዕረ ማዕሪኣ ቱስቱስ ክኣ፡ ت | ب | ا ኣሌፍ - ባእ - ታእ ትኣቱ፡
- ሕገ መንግስት ማለት፡ ኣስላማይ ብቑርኣኑ፡ ክስታናይ ብቑርኣኑ። ክስታናይ ግን ሕገ ቁርኣን ዝበሃል የብሉን።
- ሰንበት ዝረኸበታ፡ ዓርቢ ከኣ ትርከባ።

እዘን ሰለስት ዓበይቲ መፈንጠራታት እዚ ኣተን፡ ሻዕብያ ወይ ህግደፍ ዝፈጠርወን ኣይ ኮናን። ብዛዕባ እዚ ኣተን፡ ሓንቲ ካብ ኣተን ከይ ፈታሕና፡ ኣይ ግበሮ ደኣ እምበር፡ ጽባሕ ንግሆ፡ ህግደፍ ዘንቢላ ጠቕሊላ እተ ኸደት፡ ኣይ ንርኣዮ . . . . . . . . ክህሉ እዩ።

ንወገን ዝምልከት ከኣ፡ ከምዚዶ ኣይ ኮነን ዝበሃል ዘሎ?

- ከበሳ ናይ በይና ብርኪ፡ መታሕት ድማ ናይ በይና ብርኪ።

ነውራጃ ዝምልከት፡ ከምዚዶ ኣይ ኮነን ዝበሃል ዘሎ?

- መን ከማይ ኣከለጉዛይ!
- መን ከማይ ባርካ!
- መን ከማይ ደንከል!
- መን ከማይ ሰምሃር!
- መን ከማይ ሰኒሒት!
- መን ከማይ ሰራየ!
- መን ከማይ ጋሽ!
- መን ከማይ ሓማሴን!

እዞም ዝተጠቕሱ ጭርሖታት፡ ኣጸገምቲ ከም ምኳኖም መጠን፡ መድሃኒቶም ግን፡ ልዝብ ካብ ምኳን ስለ ዘይ ተርፍ፡ ካብ ፋርማሲ እትዕደግ ዘይ ኮነትስ፡ ኣብ ውሽጢ ሰብኣውነትና፡ ተኸዚና እትነብር ዘላ፡ ስለ ዝኾነት፡ ብዘይ ሓደ ዋጋ ከይ ከፈልና፡ ክንጥቀመላ ኣብ ዝኾነ ደቒቕ ህልውቲ እያ። <u>**ምልዛብ።**</u>

ኣብ ትሕቲ ግብሪ እኪያት፡ ምስ ንምለኽ ግን፡ ናይ ኤርትራ ዘጋታት ከም ምኳና ኣዋዲቕና፡ ናብ ከምዚ ኣቶም ዝኣመሰሉ፡ መሰረት ቅርሕንትታ፡ ነድህብ እንተ ደኣ ኳና፡ ትምክሕትታትና ከጎድኡና እንተ ዘይ ኮይናም፡ ከፍውሱና ኣይ ክእልን። ብሓደ ኢድ ምጥቓዕ ኣይ ከኣልን። ከም መረዲኢ ነገር፡ እስከ ክልተ ተቓናቐንቲ ንጠቁም። ንስለ ኣብነት ጥራይ።

ሓርበኛ ኣድሓናም በቲ ሓደ ወገን፡ ሓርበኛ መስፍን ከኣ በቲ ካልእ። እዚ ኣቶም፡ ሽማምንቲ ናይ ሻዕብያ ከም ምንባሮም መጠን፡ ነብሲ ወከፎም፡ ነንሕድሕዶም ነናይ ውሽጦም ውሻጢኦም ዝፋለጡ መዛኑ እዮም። ካብቲ መንግስት ዓልዮም ከኣ፡ ሓቂ ከምስሉ፡ ብሓንሳብ ሰሚሮም ናብ ምቅዋም ተሰሊፎም። ሕርሕራይ ገቢሮም ከዳህልሉና ምስ ጸንሑ ከኣ፡ ኣብ ጥራይ ጎልጎልጎል ጠንጢኖምና፡ ንሓድሕዶም ብባእሲ ተፈላልዮም። እቲ ሓደ ከም ባህታ፡ እቲ ሓደ ድማ ከም ተድላ፡ ክመስሉ ስለ ዝደለዩ ደኣ ከይ ኮኑ?

መባኢሲኦም እንታይ ከም ምኳኑ ብዘየገድስ፡ እዚኣቶም ክልተ ጎረሓት ሓሚኹሽቲ ዝስንቆም፡ ኣብ ሓንቲ ጽላል ሸባኻ ኣጽሊሎም፡ ሓጥያታቶም ምስ ዘፋኹሱ ወይ ከኣ፡ ምስ ዝናስሕሉ፡ እቶም ኣብ ፈቐዶ ቦታ ዘለዉ፡ ሃነዝል በላዕቲ ሳዕርን፡ እቶም ጭዋታት በላዕቲ ሓኽለን እተኾኑ እውን፡ ንኽላዘቡ ዘተባብዕ እዩ። ብሓንሳብ ኣብ ሳዕሪ ምብላዕ፡ ወይ ከኣ፡ ብሓንሳብ ኣብ ሓኽለ ምብላዕ ምተሰማምዑ ዝብል ባህጊ ኣሎኒ።

በዞም ተዘርዚሮም ዘለዉ፡ ኣቐጣዕቲ ዝኾኑ እምነታት እዚኣቶም፡ ቋንቋና እና ተዛረቡ ዝሕበኑ ዜጋታት፡ ብጽሩይነቶም ዝምክሑ /puritans/፡ ካብ ናይ ጀርመናውያ ኣርያን፤ ናይ ብርጣንያ ኣንግሎ ሳክሶናውያን፤ ቀያሕይቲ ወተግ ናይ ኣሜሪካ፤ ናይ ኢስራኤል ጁዳውያን እምነታት፡ ብምታይ ክን ፈላልዮም ንኽእል?

እቶም ሰብ ኣከለ፡ ኣርየናውን ክኾኑ፡ ባህ ዝብሎም እንተ ደኣ ኮይኖ፤ እቶም ሓማ ከኣ፡ ኣንግሎ ክኾኑ ዝብርሆም፡ እንተ ኾይኑ፤ እቶም ራዛ ወይ ሰረየ ድማኒ፡ ጂዳውያን ክኾኑ፡ ደስ ዝህሎም እንተ ደኣ ኮይኑ፤ እታ ኩላ ሰብ መዓልቲ ዓርቢ ድማኒ፡ ክትዕርብ፡ ደስ ዝብላ ኢንተ ደኣ ኮይኑ ድማ፡ ባይ ባይ ኤርትሪያ። ይሕሸና ድዩ?

ኣብ መወዳእታ ሰዓት ናይ ህልውና፡ ግዲ በጺሕና ኣሊና ኮይና ድማኒ፤ መን ድዩም ንመን፡ ንፍጡራት ኤርትራውያን ሰባት ከም ኣቶም፡ ከም በላዕቲ ሳዕሪ ኣብዑር፡ ቆጺሮም ዝጽይንዎም? **በዝን ዝኸምዝን፡ ክጭጫሕ ዝጸንሔ ርኽሰታት ዝወለዶ፡ ሎሚ – ንሶዎራ ኤርትራ፡ ሽፍትነት እዩ ነይሩ ንዝብሉ ዘለዉ – ኢሂይናይ ደኣ፡ መን ዝጸረገሎም ጽርግያ ድዩም፡ ዝሕንበብሉ ዘለው።**

ኣሕዋትን ኣሓትን፡ እንተ ደኣ **ብጹኡነት** ኩነታትና፡ ኣበይ ከም ዘሎ ከይ መሜና፡ ሓቂ ብጋህዲ ኣብ ዝብል ቁርቁስ፡ ክንቆራቖስ እንተ ደኣ ኳና፡ ብዘይካ ነቲ ሓዊ፡ ላምባ ካብ ምንስናስ ኣየድሕነናን እዩ። መንዶ ኣሎዩ ካብ ተቓውሞ፡ ካብ ባዕለይ ጀሚርካ፡ ብጋህዲ ዘይ ለፍለፈ? በዚሑስ ፈሲሱ ከማ!

ብቐዳምነት፡ ኣብ ዓይንና ዘሎ ጉንዲ፡ ከይ ርኤና፡ ኣብ ዓይኒ ኢሳያስን ሻዕብያን፡ ዘሎ ገፈል፡ ዝረኣየና ጥራይ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ – **ሓንቲ ሓባል ንሓንቲ ሓባል፡** ከይ ትቕድማ መታን፡ ኣንቲ ሓባል፡ ከም ኢላ ምጽራፉ ኮይኑ የስምዕ።

ስለ ዝግሄር! ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ጉዳይ ናይ ሃገርና፡ ተራና ክንጻወት ንደሊ፡ እንተ ደኣ ኬና፡ ቅደም ቀዳድም፡ ምጥርናፍ የድልየና። **ከይ ተጠርነፍካ ዝግበር ሃልኪ ግን፡ ከይ ደቀስካ ዝሕለም፡ ዕንወት ኣብ ልዕሊ በጺሕናዮ ዘሎና፡ ሓደ ሰድሪ ንቕድሚት፡ ክኽውን ስለ ዝኽእል፡ ብቛንቋ ናይ ተቓውሞ ምስ ንዛረቡሉ፡ ንባዕሉ ሽፍትነትዶ ኣይ ኮነን? ከመይ ድዩ ነገሩ?**

**መን ከም ምኳንካ ንኽፈልጠካ፡ ምስ መን ከም ትኸይድ ንገረኒ፡ ከም ዝበሃል መጠን፡ ምስ ወያነ፤ ምስ ጁቡቲ፤ ምስ ሶማልያ፤ ምስ COI፤ ምስ ESMG፤ ምስ USA፤ ምስ UK ወዘተ፡ ትኸየድ እንተ ደኣ ክኳንካ ደኣ፡ ንስኻ ንእተመሳምሶ ምኽንያታት ዋላ እንተ ሃለወ፡ ንኤርትራን ህዝባን ግን፡ ሽፋቲ ደመኛ ካብ ምኳን ትድሕን ዲኻ? ከመይ ድዩ ሽፍትነት?**

እንተ ደኣ ንሰለ ህዝቡን ሃገሩን ዝተሰውኤ ሓርበኛ፡ ሽፍታ ተባሂሉስ፡ እቶም ምስ ደመኛታት ህዝቢ ኤርትራ ኮይኖም ዝወገኑ፡ ደኣ እንታይ ኢና ክንብሎም ንኽእል? ሽፍትነት ብውሑዱ፡ ክድዓት ድማ ብቐንዱ፡ ማለትዶ ኣይ ኮነን? ከመይ ድዩ ሽፍትነት?

ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ከም ዝፍለጥ፡ ሽፍትነት ከም ሽፍትነት ንምግላጹ ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ይሰግሮ ኣሎኹ ደኣ እምበር፡ ክንመሃረሉ ምኽኣልና ኔርና። ገለ ካብቶም እንደርፈሎም ዝነበርና ሽፋቱ ግን –

- *1) ሕነ ሓዋ እንክትፈዲ፡ ኣንጻር ጽልማ ዝሸፈተት፡ ግንንቲ* ***ሓብቲ ለማ*** *ነበረት። ምንሸር ዓጢቓላ ሓብቲ ለማ - ተጠንቀቑ በልዎም ንጽልማ: ከኣ ተደርፈላ።*
- *2) ጉኑን* ***ሓጎስ ተምነዎ ከኣ፡*** *ሸፍትነቱ ኣብ ልዕሊ ወነንቲ ሕርሻ ጠላይን ነበረ። ሓጎስ ስነ ሸሓኒ - ንስኸዶ መሲሉኒ ከኣ ተደርፈሉ።*
- *3) ጉኑን* ***ኣሸበር ኣብርሃ*** *ከኣ: ኣብረሃየ ኣሸበር ኣብርሃየ - ንዓኻ ፈሪሔ እምበር ምወፈርኩ በረኻየ ተደርፈሉ።*
- *4) ንጉኑን* ***ንጉሰ ወዲ እምቤተይ ሓጎሳ*** *ከኣ: - ኣደ ንጉሰ ኣዴና ኣይ ትኹና - ወደን ከሕረድ ንሰን ይቑነና እንከበሃል ተደርፈሉ።*

*እዝን ዝኸዝን እዩ እቲ ሸፍነት ኢልና እንፈልጦ።*

*እሞ ደኣ፡ ከመይ ከምይ ኮይኑ እዩ፡ ጻለመ ገድልና ክሳብ ብደረጃ ሸፍነት ዝተገልጸ። እዚ ንባዕሉ ናይ ጣሻ ተቓውሞ / rule of the Jungle Opposition / ዝመስል ክነሱ፡ ከካይዶ ንዝጸንሔ ዝሩግ ዝኾነ ተቓውሞ፡ ብፍላይ ንሻዕብያ ብሓፈሽኡ ድማ: ንኽብርታት ገድሊ ኤርትራ: ከራስሕ ዝጸንሔ ወፍሪ፡ እንሆ ሕጂ: ኣብ ክወጾ ዘይ ክእል፡ ዓሚቕ ገደል ጥሒሉ ይርከብ።*

*ካብ መላኺ ዘይ ብሉ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማኒ ወብሳይታትን ፓልቶካትን፡ እንታይ ክንጽበ ንኽእል? ኣብ ልዕሊ ምድርን ትሕቲ ሰማይን ዘሎ ክፍ ኣታት ዘዳኽር ኮይኑ፡ ንዝርገት ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝኸውን፡ ቀንዲ መሳወሪ ሓዊ ኮይኑ ዘቀባብል ኮይኑ ንረኽቦ።*

*ንመንግስቲ ኤርትራ ከም rule of the jangle ዝፈልጥ፣ ኣብ ልእላዊት ባንዴራ ኤርትራ ዘይ ኣምን፣ ምስ ታሪኻውያን ደመኛታት ኤርትራ ዝኾኑ፡ ናይ ደገ ሓይልታት ዝላፈን፡ ጡርኑፍ ይኹን ብቱን ምንቅስቓሳት፡ ብዘይካ ዕግርግር እምበር፡ ሰላም ከስፍን ይኽእል እዩ ኢልካ ሃሰው እንተ በልካ፡ ሓንቲ ከንዲ ቅንጣብ ኣድሪ፡ እትኸውን መርትዖ የላን።*

*ነዛ ብቐሊሉ HTML ተጥቂምካ፡ ወብሳይ ስለ ዝተኸልካ፡ ከም Pyramid ናይ ግብጺ ዝሃንጽካ ስለ ዝሰመዓካ ተሓባኒ፡ please stop defaming our pride. Stop for becoming poletical arsonist.*

*ኣብ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን፡ ጠብሎቕሎቕ ቅድሚ ምባልና፡ ከም ውልቀሰባት መጠን፡ ገለ ቀያዲ ዝኾነ ኣማእዛኒ፡ ወይ ካብ ምህሮ ወይ ከኣ ካብ ኣእምሮ፡ ክሰኣነና ኣይ ብሉን በሃላይ እየ ኣነ። ብቓላት ናተይ ተጠቒመ፡ ነዞም ቀየድቲ ክኾኑና ይኽእሉ እዮም ዝብሎም፡ ውሁባት ክብርታት ከመልከት እንተ ደኣ ኮይነ፡ ከም ዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም።*

- *ጽቡቕነት፣ ኩውንነት፣ ሓቅነት፣ ሞራልነት፣ ሚዛንነት፣ ክብርነት፣ ኣኽባርነት፣ ትሕትነት፣ ንጽህነት፣ . . .*
- *Goodnes, virtuousness, righteousness, morality, integrity, dignity, honor, decency, respectability, nobility, worthiness, purity …*

***ነንውልቅና እጠቕመና ይኸውን እዩ፡ ኢልና ንእን ኸተሎ መንገዲ፡ ውልቃዊ ስለ ዝኾነ፡ እዝግሄር ዋናና። እቶም፡ ካብ ውልቃዊ ጉዳዮም ሓሊፎም፡ ኣብ ጉዳይ ሕብረተሰብ ተሸሚሞም፡ ጥማሕታቶም ከስርጹ መታን፡ ጠንቀላዕላዕ ዝብሉ ግን፡ እንተ ደኣ፡ ነዞም ዝተጠቕሱ ሞቕምያ ክብርታት፡ ዘይ ዓጅብዎም ኮይኖም፡ ንባዕሎም ሸፋቱ እዮም።***

## ***ድምደማ***

*ስውራ ኤርትራ ደኣ፡ ብናይ ዓለምና ናይ ኩናት ተመራመርቲ፡ ሓደ ካብቶም ተደነቕቲ ዝበሃሉ ስርሒታት፡ ንነጻነት ሃገር ወፈሩ ዘፍረየ፡ ከም ምኧኑ ምስኩር እንድዩ። ነዚ ወርቃዊ ዝኾነ ታሪኽና፡ ድጽይን ኤርትራዊ እሞ ከኣ፡ ብናይ ደገ ጸላእትና ከውርረና ዝብህግ፡ ገበን ብኽድዓት ኣይ ኮነን እንድዩ? [1]*

*ከምዝን ዝኸምዝን፡ ኣቦኡ ዘፍለጠ ውጹእ ዝኾነ ጸረ ሃገር ተግባራት፡ እሞ ከኣ፡ ካብ ኤርትራውያን ዝበሃሉ ክስማዕ እንከሎ፡ ሸለል ክበሃል ዘይ ግባእ፡ ከቢድ ነገር እዩ። ብቕጥታ ምስኡ ዝተ ሓሓዝ፡ እኳ እንተ ዘይ ኮነ ከኣ፡ ብልሸውና ናይ ተራ ሃገራውያን፡ ካብ ውሽጢ ይኹን ካብ ደገ፡ እና በዝሔ የስፋሕፍእ ከም ዘሎ እውን፡ ደሚቑ ዝርኤ ዘሎ እዩ።*

*ቅጥፈት፣ ክሕደት፣ ጥልመት፣ ሃስያነት፣ ሓሶትን ፋሉልነት እናሳዕረር ይኸይድ ኣሎ። ነቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣመልኪትና፡ ሃብታም ዝኾነ ባህልን ልምድን ቅርስን ዝውንን እዩ እና በልና ብጃምላ፡ እንጀሃረሉ ዘሎና እምነት፡ ኣብ ሕቶ ምልክት ዘእቱ ተርክቦ ኮይኑ ዘሎ እዩ። ብመዓቀኒ ናይ ግዜ ተጠቒምና፡ ምስ ንፍትሾ ግን፡ እቲ ናይ ቀደም ዝነበረ ህዝቢን፡ እዚ ናይ ሕጂ ዘሎ ህዝብን ግን፡ ብመልክዕን፡ ኣበላልዓን ኣሰታትያን ኣከያይዳን ኣከዳድናን ኣተሓሕዛ ናብራን ተመሳሳሊ እኳ እዩ ክንብል እንተ ከኣልና፣ ንጠባያት ዝምልከት ግን፡ ኣብ ብዙሓት ጨናፍር ዝፈላለ ኮይኑ ይርከብ።*

*እዚ ናይ ሎሚ ህዝቢ፡ ክንደየናይ ዝኸውን ካብኡ፡ ብኣሃዝ ምልክዑ፡ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ ብግመት ግን መብዛሕትኡ፡ ሓንቲ ካብተን ኣገደስቲ ዝኾና መፋትሕ ናይ እንታይነት፡ ዝሰኣነ ኮይኑ ዘሎ ይመስል። ንሳ ከኣ **__ዓብ__** ትበሃል መትከላዊት ባህሊ እያ። ስለምታይ ንዝብል ሕቶ ኣብ ክንዲ ብዕምቆት ፈትሸካ፣ መሚኻ፣ ቆጽርካ፣ ደሚርካ መልሲ ትረኽበሉ ግን፡ በቆራጭ ቦኅግ ኣቢልካ ዝወሃብ መልሲ ሕሱር እዩ።*

*እቶም ኩሎም፡ ሕርኽራኽ ናይ ዔብ ዘይ ብሎም ሰባት፡ ኩሉ ጸገማት ናይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰሪ ሻዕብያን/ህግደፍን ወይ ድማ ብሰንኪ ፕረሲደንት ኢሳያስን ዝተፈጥረ ደኣ እምበር፡ ካልእ ምኽንያት ዝበሃል የልቦን ንዝብሉ ሓባእቲ ቁስሎም፡ ሓባእቲ ፈውሶም፡ ጻዕዳ ሓሶውቲ እዮም። እዚ ናይ ሎሚ ሰብ፡ ዘይ ከምቲ መርፍእን ቅጥንን ኣላጊቡ ዝነብር ዝነበረ ሰብ፡ ኣብ ጣኦት ዶላር ኣምሊኹ፡ ብዶላር ክሸየጥን ክልወጥን ንርእዮ ዘሎናስ፡ እዚ ኩሉ ሕስረት ናብ ኢሳያስ ብኸመይ ይለግጦ? ናይ መን ሓላፍነት እዩ? ናይ ባዕልና ደኣ ከይ ከውን? መንዶ ኣሎዩ፡ ከም ዘይ ከውን ፈተነ ወኻርያ፡ ዝዋውዕ ኣሲሩ ዝጸደቐ? ዝዋውዕ ብምእሳር ኣጽደቕን እዩ።*

*ብሓፈሻኡ እን ክዛዘም እንከሎ ድማኒ ፦ ወሰን ኢልካ ዝፍጸም ዘሎ ተግባራት፡ ንሱ ከኣ፡ ጥሕሰት ኣብ ልዕሊ ቅድስና ናይ [ ውሁብ ዝኾነ ሕጋውን ሞራላውን ግብረ ገብነታውን] ይዕርዕር ስለ ዘሎ፡ ከም ቀዳምነት ተሰሪዑ ህዝቢ ብህዝቢ ክዝተየሉ ከም ዘለዎ፡ ብተበግሶይ ከገንዝብ ይፈቱ።*

*ንባዕልና ዲሞክራስያውናን ከይ ኮና፡ ኣብ ኣምር ዲሞክራሲ ኣትኪልና ሒቕቕ እንተ በልና ኣይ ጋጠምን እዩ። ንባዕልና ፍትሓውያን ከይ ኮና፡ ፍትሒ ክንብል ሒቒቕ እንተ በልና፡ ኣይ ጋጠምን እዩ። እንታይ ደኣ'ሞ ይሓይሽ?ከም ግምተይ፡ ኢቲ ዝሓሸ ነብሰ ምልከት፡ ወይ ነብሰ ዲስፐሊን ክህልወና ምግባር እዩ። ብፍቶት ይኹን በስገዳድ፡ ኣብ ዲስፐሊን ክንምእዘዝ ኣሎና።*

*ጥብቆ*

1. [*https://en.wikipedia.org/wiki/Eritrean War of Independence*](https://en.wikipedia.org/wiki/Eritrean_War_of_Independence)

*ምስ ጽብቕ ትምኒታተይ ኣብዚ ይውድእ።*
*fewsilybee@yahoo.com*